# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.99 | ቀዳም 24 ታሕሳስ 2022 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2



ሓጺር ዝኽሪ ህይወት ኣባል ሚኒስትሪ ዜና - ስውእ ዮሱፍ እድሪስ ኣደም

ገጽ 4

ሕማም ምስኣል ካርታታት




ገጽ 6



ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 7

"መዚቃ፡ ኣእምሮ ቅድሚ ግዜኡ ዝተወልደ'ዕሽል . . .



ገጽ 11

ምርጫ ሓደስቲ ኣካየድቲ ፈደረሽናት ስፖርት ቀጺሉ




## ፈጻሚት ቦርድ ሃማደኤ፡ ኣብ ትግባረ መደባትን ሓድሽ ውጥንን ዘትያ



ፈጻሚት ቦርድ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ትግባረ መደባት 2022 ንምግምጋምን ኣብ ሓድሽ ስትራተጂያዊ ውጥን ንምዝታይን፡ ብ19ን 20ን ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ኣኼባ ኣካይዱ።

ኣብዚ ሓለፍቲ ዞባታት፡ ኣባላት ሃማደኤ ዲያስፖራን ሓለፍቲ ክፍልታት ማሕበርን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት፡ ምምዕባል ዓቕሚታት፡ ምፍጣር ዕድላትን ጥሙር መደባት መኸተን ብዞባታት ናይ ዝተተግበረ ንጥፈታት ጸብጻብ ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ምትብባዕን ደገፍን ምህሮ ኣዋልድ፡ ምሕላው ጥዕናን ገስጋሳዊ ንጥፈታትን፡ ምዕባይ ፖለቲካዊ ንቕሓት ደቂ-ኣንስትዮን ምሕያል ውዳበታተን፡ ምምልማል ብቑዓት ካድራት፡ ምዕባይ ቁጠባዊ ዓቕሚ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቃልሲ ኣንጻር ጎዳኢቲ ልምድታትን ጸልዋኡን፡ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ንምሕያል ኣብ ዝተወጠነ መደባትን ኣስጊሖን ብዕምቆት ዘትዮሙ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ማሕበር ራእዩን ዕላማኡን ንምጭባጥ ብዝእዋኡ ስትራተጂያዊ ውጥናት እናሓንጸጸ ክሰርሕ ምጽንሑ ጠቒሳ፡ ንህልው ብድሆታትን ጠለባትን ኣብ ግምት ብምእታውን ዝለዓለ ዕድላት ልዑል ኣቓልቦ ብምሃብን ተዓቃቢ ስራሕ ክዕመም ምኽኣሉ፡ ኣብ ኣሰራርሓ ማሕበር ዝምስገን ምዕባለ ይምዝገብ ከምዘሎ ዘእንፍት ምዃኑ ገሊጻ።

ኣብ ወጻኢ ዝርከባ ኣባላት ሃማደኤ፡ ምስ ኩሉ ዘለወን ጸቕጢ መንበሮን ካልእ ብድሆታትን ንንጥፈታት ማሕበር ግዜ ሂበን ብወለንታ ማዕረ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝቕየድ ዕማማት ዝኹብራኦ ዘለዋ ኣበርክቶ ቀሊል ከምዘይኮነ ኣገንዚባ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን ደቂ-ኣንስትዮ ክዓቢ፡ መደባት ጥሙር መኸተ ንምሕያል ክቕየድ ዝጸንሐ መደባት ብዝለዓለ ክቕጽል፡ ውዳበታት ደቂ-ኣንስትዮ ክሕይል፡ ሞያዊ ዓቕሚ ካድራት ክዓብ ክዓብል፡ ቁጠባ ደቂ-ኣንስትዮ ንምምሕያሽ ዝሰላሰል መደባት ክድንፋዕ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

## ጎኒ - ንስድራ ስውኣት ዓይነታዊ ሓገዝ ተበርኪቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎኒ ዝጠየፉ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብዘወሰድዎ ተበግሶ ኣብ ከባቢኦም ንዝርከባ ስድራቤታት ስውኣት ዓይነታዊ ሓገዝ ኣበርኪቶም።

እቲ ሓገዝ ን11 ስድራቤታት ንፍሲ-ወከፈን ካብ 6 ክሳብ 9 ኣጣል እዩ ተዋሂቡ።

ተጸዋዒ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን መንእሰይ ኣደም ካሸራይ፡ እቲ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ወሸጥን ወጻእን ዝርከቡ ዜጋታት - ንዝተጸገሙ ወገናት ብሓፈሻ ንስድራ ስውኣት ድማ ብፍላይ ዝዝርግዎ ዘለዉ ደገፍ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከበባታት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ክጥርር ዝጸንሐ - ገዛእውን ጉልበታውን ሓገዝ ከምዝቐጽል ብምጥቃስ እውን ብኻልኦት'ውን ክሰዓብ ኣተሓሳሲቡ።

## ደቡብ - ሓላፊ ፖሊስ ትራፊክ፡ ተጠቃሚ ጽርግያ ጥንቃቐ ክዘውትር ኣተሓሳሲቡ




ሓደጋታት ትራፊክን ሳዕቤናቱን ንምክልኻል፡ ኩሉ ተጠቃሚ ጽርግያ ጥንቃቐ ክገብርን ሕግታት ትራፊክ ክኽብርን፡ ሓላፊ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ደቡብ ሜጀር ተኽሉብርሃን የውሃንስ ኣተሓሳሲቡ።

ሜጀር ተኽሉብርሃን ኣብ ዓመት 2022 ብዝጋጠመ 351 ሓደጋታት ትራፊክ፡ ህይወት 26 ዜጋታት ከም እተቐዘፈ፡ ኣብ ንብረት እውን ኣስታት 6 ሚልዮን ናቕፋ ዕንወት ከምዝወረደ ገሊጹ።

ብሕግታት ትራፊክ ተማእዚዝካ ዘይምምልላስ፡ ቀንዲ ጠንቂ ምጥፋእ ህይወት ሰብን ምዕናው ንብረትን ምዃኑ ዘገንዘበ ሜጀር ተኽሉብርሃን ካብ ዓቕሚ ተሸከርከርቲ ንላዕሊ ምጽዓን፡ መቐጎት ዘይምጥቃም፡ ርሕቀትካ ዘይምሕላውን ጥዕና ተሸከርከርቲ ዘይምክትታልን ካብ'ቶም ጉሉሓም ዝርአዩ ጠንቅታት ምዃኖም ኣረዲኡ።

ኣብ ተጠቀምቲ ብሽክሌታ ድማ፡ ተደራቢኻ ምጉዓዝ፡ ምገርባትን ኣብ ኣእዛንካ ማዕፀሚ መዚቃ ምውታፍ ካብ ቀንዲ ዝርአዩ ጉድለታት ምዃኖም ጠቒሱ፡ ጉድኒ-ጉድኒ እቲ ብፖሊስ ዝቕየድ ጻዕርታት፡ ተጠቀምቲ ብሽክሌታ ታብላታት ክኽብሩ፡ ወለዲ ድማ ንተመሃሮ ደቆም ክመኽሩ ኣዘኻኺሩ።

ብኻልእ ወገን ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ተለንት ተስፋልደት ወልደሚካኤል፡ ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ ዓዲ-ኳላ፡ ኣብ ሕግን ስነ-ምግባርን ዘተኮረ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ካብ በደላትን ገበናትን ርሒቑ ህይወቱ ብዋጋኡ ክመርሕ ዘዘኻኸረ ተለንት ተስፋልደት፡ ዕማም ፖሊስ - ብዘይ ምትሕብባር ህዝቢ ከም'ቲ ዝድለ ክዕወት ስለዘይክእል፡ ዜጋታት ዝምድናኦም ምስ ፖሊስ ብምሕያል ምድግጋፎም ከዕዝዙ ተላብዩ።

እቶም ተመሃሮ፡ ሕማቕ ባህርያት ዘርእዩ ተመሃሮ፡ ቤት-ትምህርትን ፖሊስን ብምትሕብባር ንምእራሞም ክሰርሑ ተላብዮም።

## ተሰነይ - ኣብ ኣጠቓቕማን ምሕደራን መድሃኒት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ተሰነይ፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ጋሽ-ባርካ ንዝተዋጽኡ 58 ኣባላት ምምሕዳራት፡ ሞያውያን ሕርሻን ካልኦት ናይ ስራሕ መሻርኽትን፡ ኣብ ውሑስ ኣጠቓቕማን ምሕደራን ጸረ-ባልዕን መድሃኒት እንስሳን ዘተኮረ ናይ 2 መዓልታት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እቲ ዕላማኡ ኣብ ሳዕቤናት ዘይውሑስ ኣጠቓቕማን ምሕደራን ጸረ-ባልዕን መድሃኒት ኣንስሳን ዝጸንሐ ኣፍልጦ ክዕብ ብምግባር፡ ኣብ ደቂ-ሰብ፡ እንስሳታት፡ ኣትክልትን ኣከባብን ክወርድ ዝኽእል ሓደጋታት ንምክልኻል ምዃኑ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ሃብቲ ብቑሊ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ኣብርሃለይ ሃይለሚካኤል ሓቢሩ።

ሓረስቶት ኣብ ክንዲ ተጻበይቲ ዝተማስርሐ ሕርሻዊ ቀመማት ዝኾኑ፡ ባህርያዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን ክጥቀሙ፡ ከምኡ'ውን ወሀድ ሜላታት ምክልኻል ባልዓት፡ ምቅይያር ዘርኢን ምግልባጥ መሬት ሕርሻን ክዘውትሩ ድማ መኺሩ።

ኣቶ ኣብርሃለይ፡ ኣብ ፋብሪካታት ዝምስራሕ ጸረ-ባልዕ መርዛም ቀመማዊ ትሕዝቶ ስለዘለዎ፡ ሓረስቶት ውሑስ ውልቃዊ ናይ ድሕነት መካላኸሊ ክጥቀሙ፡ ብርቱዕ ንፋስ ኣብ ዘይብሉ ክጽገ፡ ጸረ-ባልዕ ሐዙ ዝመጽእ ናውቲ ንዘቤታዊ መዓልታት ካብ ምጥቃም ክቑጠቡ ኣተሓሳሲቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ጉብረያሱስ፡ ዘይውሑስ ኣጠቓቕማን ምሕደራን ጸረ-ባልዕን መድሃኒት እንስሳን ምውጋድ ንሞያውያን ሕርሻ ጥራይ ዝምልከት ብዘይምዃኑ፡ ሕብረተሰብ ብዓቢኡ ክተጥረሉ ኣዘኻኺሩ።

## ተጋዳላይ መንግስትኣብ ኣርኣያ ተሰዊኡ

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት ሓላፊ ጨንፈር መራኸቢታት ዝነበረ ጉዳም ተጋዳላይ መንግስትኣብ ኣርኣያ ወልደምሴ፡ ብ21 ታሕሳስ ኣብ ማብል 72 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ግንቦት 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ መንግስትኣብ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ከም ሓላፊ ሬድዮ ቴክኒሻን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ በዓል-መዚ ቴሌኮሚኒከሽንን ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራትን ተመዲቡ፡ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ንሃገሩን ህዝቡን ብዝወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ጉዳም ተጋዳላይ መንግስትኣብ ኣርኣያ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓንቲ ወላድን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 23 ታሕሳስ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ-ቐትሪ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።


ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ብመስዋእቲ ኣባሉ - ጉዳም ተጋዳላይ መንግስትኣብ ኣርኣያ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ኢሉ።

# ሓጺር ዝኽሪ ህይወት

# ኣባል ሚኒስትሪ ዜና - ስውእ ዮሱፍ እድሪስ ኣደም

## (ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ዝተነበበ)

ህይወትን ሕልፈትን ሶሚ ወዲሰብ እኳ እንተኾነ፡ ትጽቢት ኣብ ዘይተገብረሉ ዕድመ ኣዝዩ ኣሰንባዲ እዩ፡፡ ትማሊ ንግሆ፡ ካብ ትጽቢት ኩልና ወጻኢ እምብዛ ዘሕዝን መርድእ በጺሑና፡፡ ብኸሎም መሳርሕቱ ፍቱውን ጥዑምን ግዱስን ጻዕረኛን ኣባል



ሚኒስትሪ ዜና፡ ሓላፊ ጨንፈር ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ዞባ ዓንሰባ፡ ሓው የሱፍ እድሪስ ኣደም (እድሪሳይ)፡ ጥዕናኡ ተመሓይሹ ካብ ሆስፒታል ክወጽእ እናተተስፈና ብማስወእቲ ተፈልዩና፡ እንሆ ብመሪር ሓዘንን ምድፍናቑን ንዓኹም ኣለና፡፡

ብ1 ጥሪ 1968፡ ካብ ኣቶ እድሪስ ኣደምን ወ/ሮ ሳዕድያ ኑር ግንዳርን ኣብ ከረን ዝተወልደ የሱፍ እድሪሳይ፡ ብሰንኪ'ቲ ዝነበረ መግዛእቲ ብቑልዕነቱ ምስ ስድራቤቱ ንሱዳን ስለዝተሰደ፡ ኣብ ከሰላ እዩ ዓብዩ፡፡ መባእታ ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቫቲካን ከሰላ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቱ ድማ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሳዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ቀሲሙ፡፡ ብድሕሪኡ፡ ኣብ ማእከል መሰልጠኒ መማህራን UNHCR ንሓደ ዓመት ብሞያ ምምህርና ሰልጢኑ፡ ኣብ 1988 ብዲፕሎማ ተመሪቑ፡፡

ሓው የሱፍ እድሪስ ካብ መሰልጠኒ መማህራን ድሕሪ ምምራቑ ኣብ ከሰላ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንሓደ ዓመት መምህር ኮይኑ ሰሪሑ፡፡ ብድሕሪኡ፡ ዝሓሸ ህይወት ንምንዳይ ካብ ሱዳን ናብ ሊብያ ኣምሪሑ፡፡ እንተኾነ ኣብ 1991 ኤርትራ ናጻ ስለዝወጸት፡ ብዝበርኸ ሓያል ሃገራዊ ስምዒት፡ ናብራ ስደት ራሕሪሑ፡ ኣብ ህንጸት ሃገሩ እጃሙ ክበርክት ኣብ 1994 ናብ ኤርትራ ክምለስ ወሲኑ፡፡

ቋንቋታት ትግረ፡ ትግርኛ፡ ዓረብን እንግሊዝን ዝመልኸን ዝርዳእን ካብ 1988 ጀሚሩ ኣብ ሱዳን ሓፋሽ ውድብ ህ.ግ. ኮይኑ ዝጸንሐ ዝነበረ የሱፍ እድሪሳይ፡ ኣብ ኤርትራ ምስ መጽአ፡ ቡቲ ዝነበሮ ትምህርቲን ፖለቲካዊ ተሞክሮን ኣብ ሚኒስትሪ ዜና፡ ጋዜጠኛ ኮይኑ ክሰርሕ'ዩ ተመዲቡ፡፡ ካብ 1994 ክሳብ 1997 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ድማ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ኮይኑ ሰሪሑ፡፡ ከም ኩሎም መንእሰያት ኤርትራ ሃገራዊ ኣገልግሎቱ ንምፍጻም ከኣ፡ ኣብ መንኮ ስርሑ፡ ኣብ 1997 ኣብ 7ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብምስታፍ ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ትምህርቲ ቀሲሙ፡፡

ኣብ 1998 ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወረር ምስ ኣወጀ፡ የሱፍ እድሪስ ከም ኩሎም መንእሰያት ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሰራዊት ብምኽታት፡ ን4 ዓመት ኣብ መኪንን ገስጋስን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ጋዜጠኛ ኮይኑ ኣገልጊሉ፡፡ ኣብ 2002 ድማ፡ ናብ ምዱብ ቦታኡ ሚኒስትሪ ዜና ተመሊሱ፡፡ ካብ 2002 ክሳብ 2009 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ክፍሊ ሬድዮ ጨንፈር ዓረብ ሰሪሑ፡፡ ብድሕሪኡ ናብ ጨንፈር ኒውስሩም ተቐይሩ፡ ኣብ ምድላውን ምትርጓምን ዜናታትን ፖለቲካዊ ጽሑፋትን እናነጠፈ፡ ኣብ ቴለቪዥን ኣንባቢ ዜና ኮይኑ ዝሰርሐ ጻዕረኛን ትጉህን ኣባል እዩ፡፡

ኣብ 2012 ሓላፊ ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ ዝተመደበ የሱፍ እድሪሳይ፡ ኣብ 2017 በዚ ጽፍሒ'ዚ ናብ ዞባ ዓንሰባ ተቐይሩ፣ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ብትግሃትን ልዑል ሃገራውነትን ግቡእ ዝፈጸመ ጋዜጠኛን ሓላፊን እዩ፡፡

ሓው የሱፍ እድሪስ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ናይ ስራሕ ግዜኡ፡ ሚኒስትሪ ዜና ምስ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብምትሕብባር ኣብ ዝወደቦ ትምህርቲ ጋዜጠኝነት ብምስታፍ፡ ብሰርቲፊኬት ክምረቕ እንከሎ፡ ሞያኡን ፍልጠቱን ከማዕብል ብዝበርሃ ሓያል ባህጊ፡ ጎኒ-ጎኒ ስርሑ፡ ብውልቃዊ ተበግሶኡ ትምህርቲ ኮምፒዩተር፡ ፎቶግራፍን ቪድዮ ካሜራን ተማሂሩ ክእለቱ ዘማዕበለ፣ ክልተ ግዜ ድማ ብሚኒስትሪ ዜና ናብ ምስራ ተላኢኹ ስልጠና ማስኮሚኒኬሽን ዝወሰደ እዩ፡፡



ስውእ የሱፍ እድሪሳይ ን28 ዓመታት ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዝሰርሓሉ፡ ኣብ ስርሑ ኣመና ግዱስ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ጠባዩ ህዱእ፣ መኻብሪ ሰብ፣ ምስ ዒቢ ይኹን ንእሽቶ ብቐሊሉ ክራዶዶእ ዝኽእል፣ ኣዝዩ ምቕሉል ሰብ ብምንባሩ፡ ብኹሎም መሳርሕቱ ምስጉንን ፍቱውን ኣባልን ሓላፍን እዩ ኔይሩ፡፡



ስውእ የሱፍ እድሪሳይ በዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ደቒን እዩ፡፡

ሓው የሱፍ እድሪስ ክሳብ ክንዲ'ዚ ቀልጢፉ ይፍለየና ድኣ ኣይበልናን እምበር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብድኻም ልቢን ሸኮርን ይሽገር ኔሩ እዩ፡፡ ዝነበሮ ጥዕናዊ ጸገም ተጻዊሩ ግን፡ ግቡእ ስርሑ ካብ ምፍጻም ዓዲ ኣይወዓለን፡፡ ኣብዚ መወዳእታ ከኣ ወቕዒ ልቢ ስለዘጋጠሞ፡ ካብ ከረን ብህጹጽ ናብ ሆስፒታል ኦሮታ ኣስመራ ተላኢኹ፡ ኣብ ክፍሊ ጽዑቕ ክንክን (ICU) ሕክምናዊ ክትትል ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ ትጽቢት ስድራቤቱ፡ መሳርሕቱን ፈተውቱን ወጻኢ፡ ትማሊ 22 ታሕሳስ 2022፡ ሰዓት 600 ናይ ንግሆ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ተሰዊኡ፡፡ ሎሚ 23 ታሕሳስ 2022 ሰዓት 1000 ቅድሚ ቀትሪ ድማ፡ ስድራቤቱ፡ መሳርሕቱን ፈተውቱን ኣብ ዝተረኽብሉ፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ብኽብሪ ዝኸደ ስነስርዓት፡ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ፡፡

ከምዚ ዝኣመሰለ ጻዕረኛ፡ ግዱስን ጥዑምን መሳርሕቲ፡ ዕድመ ከይጸገበ ካብ መንኻ ብማስወእቲ ክፍለ እንከሎ ዝሰምዓና ሓዘን ከቢድ እዩ፡፡ የግዳስ ሓው የሱፍ እድሪሱ ኣብቲ ዝተዋህቦ ዕዮ ብምልኣት ዓቕሙ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ተወፊዩ ዝሰርሐ ብምዃኑ፡ ነቲ ብዙሕ ዝጸመመሉ ገድሊ ህይወቱ ብዓብን እናዘከርና ኢና ንዓኹም ዘለና፡፡

ሚኒስትሪ ዜና፡ ብሃንደበታዊ ማስዋእቲ ፍቱው ኣባልን መሳርሕቲን የሱፍ እድሪስ ኣደም ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም - ጽንዓት ይሃብና ይብል!

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!**






## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም


ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ/ ዓንደመስቀል በርሀ


# ኣተሓሕዛን ኣከዛዝናን ኣእካል ድሕሪ ምእካብ ምህርቲ



### ሳልሳይን መወዳእታ ክፋል

### ምኽዛን እኽሊ

ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ ከም መቐጸልታ ናይ ዝሓለፈ ኽፋል፡ ንሎሚ ድማ ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣተኲርና ትሕዝቶ ኣዳሊና ኣሎና፤ ሰናይ ንባብ።

- ኣብ ሕርሻኻ/ ቤትካ ብኸመይ ግቡእ ኣገባብ ምኽዛን እኽሊ ከም እተውሕስ
- ብኸመይ፡ ዝሓሸ ሜላ ወይ ኣገባብ ምኽዛን ከም እትመርጽ
- እኽሊ ዝሓዙ መቐመጢታት ኣብ ቤትካ ብኸመይ ከም እትሕዞም
- ኣየር ፈጺሙ ዘየሕልፍ ኣገባብ ምኽዛን እኽሊ ከመይ ከም ዝመስል?

### ምውሓስ ግቡእ ኣከዛዝና እኽሊ

- ምኽዛን ፍጹም ጸገም ዘይብሉ ክኸውን እንተ'ኹይኑ፡ እኽልና ጽሩይን ብግቡእ ዝነቐጸን ክኸውን ይግባእ፡
- እኽሊ፡ መጠን ጠሉ ትሕቲ 13 ሚእታዊት ጥራይ ምስ ዝኸውን ክኽዘን ይግባእ፡
- ብዘይካ'ዚ፡ ውጥን ግዜ ምኽዛን እኽሊ ንምርጫ ኣገባብ ክዘና፡ በዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ይጽሎ፣-

• ንሓጺር እዋን ምኽዛን (ትሕቲ 3 ኣዋርሕ)፡ ማለት ቅድሚ ናብ ዕዳጋ ወይ መኣከቢ ነቑጣ ማሕበር ሓረስቶት ምብጽሑ ዝትግበር። ከምኡ'ውን እዚ ኣገባብ፡ ዕላማ እቲ እኽሊ ንዘቤታዊ ሃልኪ እንተ'ኹይኑ ይትግበር።

• ንማእከላይ ወይ ነዊሕ እዋን ምኽዛን (3-12 ኣዋርሕ)፡ እዚ ኣገባብ፡ ሓረስቶት እኽሎም ብጽቡቕ ዋጋ ዕዳጋ ክሳዕ ዝረኽቡሉ ወይ'ውን ንነዊሕ እዋን ንዘቤታዊ ሃልኪ ምቕማጥ ምስ ዝመርጹ ይትግበር።

### ኣየር-ዘይኣትዎ ኣገባብ ምኽዛን

እዚ ሜላ፡ እኽልና ንነዊሕ እዋን ማለት ልዕሊ ሰለስተ ኣዋርሕ ንምኽዛን እንጥቀመሉ እዩ።

- ሓሰኻን ኣየርን ዘየእቱ ኣገባብ ሜላ ምኽዛን፡ ብቕዓት እኽሊ ኣብ ምሕላውን ብኽነት እኽሊ ኣብ ምንካይን ኣመና ውጽኢታዊ እዩ።
- እዞም ኣየር ዘየእትዉ መኽዘኒታት፣ ብግቡእ እንተ ተዓጽዮም፣ ሓሳኹ ይኹኑ ኣየር ንኽኣቱ ዕድል ኣይህቡን እዮም።
- እዞም መኽዘኒታት፣ ብግቡእ እኽሊ መሊኦም ምስ ዝዕጸዉ፣ እቶም ብኣጋጣሚ ኣብ ውሽጦም ዝጸንሑ ሓሳኹ'ውን፣ ብሕጽረት ኦክስጅን ኣብ ውሑድ መዓልትታት ተዓብዒቦም ይሞቱ።

ኩሎም፡ ሓሰኻን ኣየርን ዘየእትዉ መኽዘኒታት፡ መጠን ጠሎም ትሕቲ 13 ሚእታዊት ብዝኾኑ ኣእካል ጥራይ ክምልኡ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ንቐጥታዊ ጸሓይን ባርዕን ክቃልዑ ኣይግባእን።

### ኣየር ዘየሕልፉ ፕላስቲክ ሳንጣታት

- እዞም መትሓዚታት፡ ካብ 80-90 ኪሎ ግራም እኽሊ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ኣሎዎም፡
- እቲ ፖሊ'ትይሊን ቀጸላ ናይቲ ከረጺት፡ ንምንቅስቓስ ሃፋን ኦክስጅንን ይድርት እዩ፡
- እቲ ፕላስቲክ ከረጺት መታን ከይቀደድን ከይበላሾን፡ ኣብ ውሽጢ ካልእ ከረጺት እዩ ዝኣቱ፡ እዚ ፕላስቲክ ከረጺት ብግቡእ እንተ ተታሒዙ፡ ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል'ዩ፡
- እዚ ዓይነት ከረጺት ንኽሽምኡ ዕላማ ተባሂሉ ዝዳሎ'ምበር፣ ተራ ፕላስቲክ ኣይኰነን።

### እዞም ፕላስቲካዊ ከረጺት እኽሊ...

- ንቐጥታዊ ብርሃን ጸሓይ ክቃልዑ ኣይግባእን፡
- ኣብ መሬት ክቕመጡ ኣይግባእን፡
- ኣብ ውሽጢ ቤት'ውን እንተ'ኹኑ፡ ካብ መንደቕ ርሕቕ ኢሎም ክቕመጡ ይግባእ፡
- ኣየር መታን ከይኣትዎም፡ ብግቡእ (ክልተ ግዜ) ተኣሲሮም ክዕጸዉ ይግባእ፡
- ንኹሎም ዓይነት ኣእካልን



ጥረታትን ብግቡእ ናይ ምኽዛን ዓቕሚ ኣሎዎም፡
- ኣብዞም ፕላስቲክ ብግቡእ ንዝተኸዘኑ ኣእካል፡ ብፎስፋይን ምዕጣን ኣየድልዮምን እዩ።

### ኣየር ዘየእትዉ ዘመናዊ ፕላስቲክ ቆፎታት

- እዚ ዓይነት ቆፎ፡ ብናይ 360 ኪ.ግ ዓቐን'ዩ ተዳልዩ ዝርከብ፣
- ቅድሚ ነዚ ቆፎ ምዕጻውና፡ ብዝተኻእለ መጠን ነቲ እኽሊ እናሰገድና ምሉእ ብምሉእ ነቲ ቆፎ ከም ዝመልኦ ብምግባር፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ኣየር ጠቕሊሉ ከም ዝወጽእ ክንገብር ይግባእ፡
- እዚ ዓይነት ቆፎ ንቐጥታዊ ብርሃን ጸሓይ ክቃላዕ ከምኡ'ውን ኣብ መሬት ክቕመጥ ኣይግባእን፡
- ኣብ ውሽጢ ቤት እንተሎ'ውን፡ ካብ ውሽጣዊ መንደቕ ርሒቑ ክቕመጥ ይግባእ፡
- ብግቡእ ኣብዚ ዘመናዊ ፕላስቲክ ቆፎ ንዝተኸዘኑ ኣእካል፡ ብፎስፋይን ምዕጣን ኣየድልዮምን እዩ።

### ኣየር ዘየእትዉ ዘመናዊ ናይ ሓጺን ቆፎታት

- እዚ ዓይነት ቆፎ ብዝተፈላለየ ዓቐን ተዳልዩ ይርከብ።
- ብዝተኻእለ መጠን ነቲ እኽሊ እናሰገድና ምሉእ ብምሉእ ነቲ ቆፎ ከም ዝመልኦ ብምግባር፡ ነቲ ኣብ




ውሽጢ ዘሎ ኣየር ጠቕሊሉ ከም ዝወጽእ ክንገብር ይግባእ፡
- እዚ ዓይነት ናይ ሓጺን ቆፎ ንቐጥታዊ ብርሃን ጸሓይ ክቃላዕ ከምኡ'ውን ኣብ መሬት ክቕመጥ ኣይግባእን፡
- እዚ ዓይነት ቆፎ ብኾሉ ወገኑ ወትሩ ኣብ ጽላል ክኸውን የድሊ፡
- ኣብ ውሽጢ ቤት እንተሎ'ውን፣ ካብ ውሽጣዊ መንደቕ ርሒቑ ክቕመጥ ይግባእ፣
- መእተውን መውጽእን እኽሊ ብግቡእ ብመግጠሚ ፕላስቲክ ክሰጥም ኣለዎ፡
- እዚ ቆፎ፡ ጠቕሊሉ ከይተኸፍተ ን10 መዓልትታት ክጸንሕ ይግባእ፡
- ነዚ ዓይነት ቆፎ ዝጥቀሙ ሓረስቶት፡ ኣቐዲምካ እኹል መምርሒታት ብዛዕባ ኣጠቓቕማኡ ይውሃቡ፡
- ብግቡእ ኣብዚ ዘመናዊ ናይ ሓጺን ቆፎ ንዝተኸዘኑ ኣእካል፡ ብፎስፋይን ምዕጣን ኣየድልዮምን እዩ።

### መስርሕ ምጽንቃቕ ኣየር/ ኦክስጅን

- ኣብዞም ብሓጺን እተሰርሑ ዓይነት ቆፎ ዘሎ ኣየር (ኦክስጅን) ብግቡእ እንተ ኣውጺእናዮ፡ ኣብ ውሽጡ ዘለዉ ሓሳኹን ዕሲን ብቐልጡፍ ንኽሞቱ ይሕግዝ።
- ብላዕለዋይ ከፋት ናይዚ ሓጺን ቆፎ፡ ሓንቲ ዝተወልዐት ሽምዓ ብምእታው፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ እኽሊ ኮፍ ነብላ።
- ኣብ ውሽጢ'ቲ ቆፎ ዘሎ ኣየር ወይ ኦክስጅን ምስ ተወድአ፡ እታ ሽምዓ ባዕላ ትጠፍእ።

### <u>ክንደይ ንመግብን ንዘርእን ንኽዝን፣ ክንደይከ ንሸይጥ?</u>

- ሓንቲ ስድራ፡ ክሳዕ ዝመጽእ ናይ ምህርቲ እዋን ዘጻንሓ ወይ ዝምግባ እኽሊ ክትክዝን ኣገዳሲ እዩ፡
- ብዘይካ'ዚ ንዘርኢ ዝኸውን ምሩጽ እኽሊ'ውን፡ ንበይኑ ተፈልዩ፡ ኵሉ ዘድሊ ጥንቃቐታት ተገይሩሉ ክኽዘን ኣለዎ፡
- ምግዛእ እኽሊ ድሕሪ ናይ ምህርቲ እዋን ወትሩ ክቡር እዩ። ስለዚ፡ ብተዘዋዋሪ፡ ዝኣክል እኽሊ ብምኽዛን፡ ገንዘብ ምቑጣብ ጽቡቕ ኣማራጺ እዩ፡
- ብቑዕ ኣገባብን ናውትን ምኽዛን እኽሊ፡ ሓረስቶት ንዘቤታዊ ሃልኪ ይኹን እኽሎም ኣብ ዝጥዕሞም እዋን ብጽቡቕ ዋጋ ንኽሸጡ የኽእል።

### ዓሰርተ ወሰንቲ መልእኽትታት

1. ኣእካልካ ንኽእከቡ በቒዖም ከም ዘለዉ ዝሕብሩ ምልክታት ብግቡእ ብምፍላጥ፡ ከይደንጐኻን-ከይቀልጠፍካን ኣብ ልክዕ ግዜኦም ኣክቦም።
2. እኽልኻ ብግቡእ ምስ ኣኪብካዮ፡ ካብ ባልዓት፡ እንስሳታት፡ ሰርቅን ዝናብን ንምክልኻል፡ ብቐልጡፍ ናብ ቤትካ ወይ መኽዘንካ ኣግዕዞ።
3. እኽልኻ ከይበላሾ መታን፡ መኼዳ እኽሊ፡ መጠን ጠሊ እኽልኻ ትሕቲ 16 ሚእታዊት ኣብ ዝኾነሉ እዋንን ብግቡእ ኣገባብን መሳርሒታትን ክትግበር ይግባእ።
4. ድሕሪ መኼዳ፡ ጥዑይን ዝተበላሸወን እኽሊ ቀልጢፍካ ፍለዮም ወይ መምዮም።
5. 'ታርፖሊን' እተባህለ ፕላስቲክ መንጸፍ፡ እኽልኻ ብግቡእ ንምንቃጽ ተጠቐመሉ። እኽልኻ ብፍጹም ሓመድ ተንኪፉ ንኸይብከል ተኸላኸለሉ።
6. ቅድሚ ምኽዛን እኽሊ፡ መጠን ጠሊ ትሕቲ 13 ሚእታዊት ከም ዘሎ ንምርግጋጽ፡ ሜላ ጥርሙዝን ጨውን ተጠቐም(ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ቀሪቡ ነይሩ)።
7. ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕን ውሑስን ኣገባብ ምኽዛን እኽሊ፡ ወትሩ ኣየር ዘየእትውን ብግቡእ ዝተቐመጡን ናይ ሓጺን ወይ ፕላስቲክ ዘመናዊ ቆፎ ከምኡ'ውን ፕላስቲክ ከረጺት ተጠቐም።
8. እዞም ኣየር ዘየእትዉ መኽዘኒታት ንጥቀም እንተ'ሎና፡ ብኸሚካል ዝግበር ማዕጠና ክውገድ ከም ዘለዎ ምግንዛብ የድሊ።
9. ኣብዞም ጠቕሊሎም ኣየር ዘየእትዉ መኽዘኒታት፡ እቲ እተእትዎ ኢኻ ደሓር እትረኽቦ። ጥዑይ፡ ጽሩይን ንቑጽን እኽሊ እንተ ኣእቲኻ ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ከምኡ ትረክብ፡ ብኣንጻሩ እንተ ኣእቲኻ ድማ ከምቲ ዘእተኻዮ ትረክብ።
10. ኣየር ዘየእትዉ መኽዘኒታት እኽሊ ብምጥቃም፡ ዓይነትን ዓቐንን እኽሊ ተውሕስ። እዚ ማለት ካብ ሓሳኹ፡ ባልዓት፡ ዕሲ ከምኡ'ውን ጠሊ ናጻ ዝኾነ እኽሊ ትረክብ። ብዘይካ'ዚ ድማ ኣዋርሕ ድሕሪ ምእካብ ምህርቲ፣ እኽልኻ ብጽቡቕ ዋጋ ትሸይጥ።

ምንጪ ጽሑፍ፡
ምምሕያሽ ኣተሓሕዛን ኣከዛዝናን ኣእካል ድሕሪ ምእካብ ምህርቲ

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ
(9ይ ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍዚ፡ መንነት፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖትን ባህሊን ኣብ ዝበሉ ኣመራት ሓበራዊ መረዳእታ ንምፍጣር ብዝበል ዕላማ፡ ብዞዕባ ብሄር፡ ምምሕዳራዊ ኣወራጃ፡ ኣመጻጽኣ ሃገራት፡ መበቆል ዓዲን ሓረግ ወለዶታትን ዘለና መረዳእታ ንምስፋሕ ዝሕግዝ ምንጻፍ ተጸፊፉ ኣሎ። ኣብዚ ክፋልዚ ድማ ብዛዕባ ሃይማኖት ክንዝምልከት ኢና።

**ሃይማኖት**

"ሃይማኖት ብፍታውን ብእምነትን ዝቐውም እዩ እምበር ብግድነት ሓይልን ዓመጽን ወሲኽካ ዝቐውም ኣይኮነን። ስለዚ ሰብ ኩሉ ብናጽነት ናብ ልቡ ዝኣምኖ ሃይማኖት ከኑብር ምሉእ ሓርነት ኣለዎ። ብሰጋዊ ነገር እንተ ተመልኪትና ክርስትያን ኮነ ኣስላም ኮነ ኣሕዋት ኢና። ሕውነትና ዝምስክረልና ብመልክዕ ብጠባይ ብቛንቋ ሓደ ኢና። ስለዚ ብሰጋዊ ነገር ኣሕዋት ካብ እኾንና መንፈሳዊ ነገር ዋንኡ ሓደ እግዚኣብሄር ኣለዎ፡ ብፍቕሪ ብስምረት ክንነብር፡ ንኣምላኽና ብጸሎት፡ ንነገስ ብሓቀኛ ኣገልግሎት ክንለምን ግቡእና እዩ።"

ሓደ ኣቡት ካብ'ቲ ቅድሚ 500 ዓመት ዝተጻሕፈ ሕጊ እንዳባ ኤርትራ፡ ሕጊ ሎጎ ጭዋ -

"ዝመናዊ መዝገበ ቃላት ትግርኛ" ብዘክኣ ተሰፋይ - ሃይማኖት፡ ንኣምላኽ ምግልጋልን ምምላኽን፡ ንሓደ መንፈሳዊ እምነትን ሕጋጋቱን ምኽታልን ኣገልግሎት ምውፋይን - ብማለት ይገልጾ።

ህዝብናን ኣህዛብ ከባቢናን ዳርጋ ኩሎም ኣመንቲ ክርስትናን ምስልምናን ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣዝዮም ውሑዳት ዜጋታት ድማ ኣብ ልምዳዊ እምነት ዝኣምኑ ኣለዉ። ልምዳዊ እምነት ዳርጋ ወዲ-ሰብ ካብ ዝፍጠር ኣትሒዙ ዝተቐልቀለ ኣዝዩ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ እዩ። ነዚ እምነት'ዚ ዘኽተል ሕብረተሰብ፡ ኣብ ባህሉን ልምዱን ዝተመስረተ ኣምልኾ የዘውትር። ካብዚዮም ካልኦት እምነታት ድማ ዘዕበዮ ወይ ዘንእሶ ነገር የብሉን። ክርስትናን ምስልምናን ከኣ ኣብ ዝሓለፈ 2000 ዓመታት ዘስፋሕፍሓ እምነት እዩ።

ኣብ ሃይማኖታት ክርስትናን ምስልምናን፡ እምነት ናይ ውልቀ-ሰብ ጉዳይ እዩ። እዚ ማለት፡ ውልቀ-ሰብ ብናይ ውልቀ እምነቱን ተግባራቱን ይጸድቕ ወይ ይፍረ። ብኣምላኽ ዝፍረድ ጉዳይ ምዃኑ ድማ ይኣምኑ።

**ሃይማኖትን ፖለቲካን**

ሃይማኖት፡ ምስ ፖለቲካ ምስ ልምድታትን ማሕበራዊ መሰብርን ሕብረተሰባትን ብቐጥታን ብዘዘዋዋርን ይተሓሓዝን ይጸላሎን እዩ። ታሪኽ ኤውሮጳውያን ከም መወከሲ እንተ ወሲድና፡ ብዙሓት ሰባት ካብ ጥንቲ ልምዳዊ እምነት ይኽተሉ ነይሮም። ክሳብ 19 ክፍለ ዘመን፡ ኣብ ገለ ቦታታት (ሃገራት)፡ እቶም ገዝኦቲ ሓይሊታት ሓዲሽ ሃይማኖት ከምልኹ ክጅምሩ እንከለዉ፡ ህዝቦም በስጉዳድ ከም ዝስዕቦም ይገብሩ ነይሮም። ዝበዝሕ ግዜ ከኣ፡ ሃይማኖትን ፖለቲካን ኣይፋላለን ነበሩ።

ኣብ ገለ እዋናት እቲ ንጉስ ወይ ፖለቲካዊ መራሒ፡ ንሃይማኖትን ፖለቲካን ባዕሉ ይመርሖ። ኣብ ካልእ እዋን ከኣ፡ መራሒ ሃይማኖት ወይ ጳጳስ መራሒን ኣዚዝን ሃይማኖትን ፖለቲካን



ይኸውን። ኣብ ኤውሮጳ ሃይማኖትን ፖለቲካን - እቲ ቀዳማይ ዝምድና ሰብን ፈጣሪን፡ እቲ ካልኣይ ዝምድና ከኣ ርክብ ሰብን-ሰብን ኮይኑ - ክፈላለ ዝጀመረ ኣብ 18/19 ክፍለ ዘመን እዩ። ዳርጋ ክሳብ ሎሚ'ውን ጽንዕ ምትእስሳር ሃይማኖትን መንግስትን ዘለወን ሃገራት ኤውሮጳ ብዙሓት እየን።

ታሪኽ ኤውሮጳውያን ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ ኮይኑ፡ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ምዕራባውያን ብዛዕባ ምትእስሳር ሃይማኖትን ፖለቲካን፡ ወይ'ውን ፖለቲካዊ ምትእትታው ኣብ ሃይማኖት ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃን እስያን ርእዮም፡ ክዋረሙን ክወራዘዩን ክትሰምዖ ከለኻ የሰደምመካ። ምዕራባውያን ማለት ኤውሮጳውያንን ኣመሪካውያንን እቲ ኣብ ሃገራቶም ዝበረን ኾ'ውን ዘሎን ምትእስሳር ሃይማኖትን ፖለቲካን ጥራይ ኣይኮኑን ዝርስዑ፡ ነቲ ኣብ ከባቢኦም ዝበረ፡ መንቀሊኡ ሃይማኖት ዝመስል ዘይምርድዳእን ኰናትን'ውን ኣይዝክርዎን እዮም።

**ኳናት ብስም ሃይማኖት**

ብዛዕባ ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ዘሎ ፍልልያትን ሓላሊፉ ዝርኣ ኰናትን ብዙሕ እዩ ዝዝረብ። ሃይማኖት መንቀሊኡ ዝመስል ኰናት ከምዝርኣ ኣይሰሓትን። ሎሚ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን "እስላማውያን ኣሸበርቲ" ከምዚ ቅትለት ፈጺሞም ዝበል ዜና ምስማዕ ንቡር ኮይኑ ኣሎ። እንተኾነ ግና፡ ኣዕሚቝ ንዝፈተሸ ሰብ፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ጠንቂ ናይቲ ኰናት፡ ሃይማኖት ዘይኮነስ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ጉዳያት ኮይኑ እዩ ዝርከብ።

ዝበዝሐ ታሪኽ ምዕራባውያን፡ ታሪኽ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ኰናት ምዃኑ ይፍለጥ። ኣብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን ክሳብ 20 ክፍለ ዘመን ዝበጹሑ ኰናት ጠንቂ ፖለቲካዊን፡ ቁጠባዊን፡ ማሕበራውን ኰናት ኮይኑ እናሃለወ ሃይማኖታዊ ዝመስል መልክዕ ይሕዝ ነይሩ። ክሳብ ምዝዛም 20 ክፍለ ዘመን፡ ኣብ ኣየርላንድ ዝበረን ዋላ ሕጂ'ውን እንሓንሳብ ብጭቕ ዝበል ኰናት፡ ከም ሃይማኖታዊ ኳናት ይግለጽ ከም ዝበረ ኣይርሳዕን። ይኹን'ምበር ኑቶም ጠንቂ ኳናት ዝኾኑ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊን ሽግራት ክዝረብሎምን መፍትሒ ክግበረሎምን ምስ ጀመረ፡ እቲ ኳናት ዝሓለፈ ጥራይ ዘይኮነ ክርሳዕ'ውን ጀሚሩ ኣሎ። ከም ወጽኢቱ ከኣ ሎሚ ኣብ ኣየርላንድ ካቶሊካውያንን ፕሮተስታንትን ብዘይ ኳናት ብሓባር ይነብሩ ኣለዉ። ፍልልያት ዝጠፍኡ፡ ኳናት ዝውገዱ፡ ዘይምኽኑይ መግለጺታት ብምዝርጋሕን ግጉይ መጸውዒ ብምልጣፍን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ኑቶም መሰረታውያን ጠንቂ ናይቶም ሽግራት ኣለሊኻ ቅኑዕ ፍታሕ ብምግባር ጥራሕ እዩ።

ሓፋሽ ብመራኸቢ ብዙሓን ተደጋጊሙ ብዘቕርብሉ ግጉይ ሓበሬታታት ክደናገር ምርኣይ ንቡር ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ። ገሉ-ገለ መራሕቲ ሃገራትን ምሁራት ታሪኽን፡ ሓላሊፎም ንዝረኣዩ ኰናት ዘይኮነ ታሪኽ ፈጢሮም ከም ሃይማኖታዊ ጸምዎት ገይሮም ክገልጽዎምን ክትንትንዎምን ክትሰምዕ ከለኻ የገርመካ። ከምኡ'ውን፡ ምሁራት ልዑል ትጽቢት ዘንብሩሎም፡ ገለ ፍሉጣት ጸሓፍቲ ዝህብዎ ዘይቅርዑይ ትንታኔታት ዕላምኦም እንታይ ምዃኑ? ግ...ር...! ይብለካ።

ሓደ ካብዞም ፍሉጣት ጸሓፍቲ ክንጠቕስ፡ ሳሙኤል ፒ. ሃንቲንግቱዮን Samule P. Huntington (The Clash of Civilaizations page 157) ኣብ ታንዛንያ ኣሎ ዝበሎ ናይ ሃይማኖት ሽግራት ድሕሪ ምግላጽ "…. ከምኡ ዓይነት ናይ ክርስትያንን-እስላምን ፍልልይ ኣብ ኬንያ ዕግርግር ፈጢሩ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከኣ፡ እታ ዝበዝሐ ክርስትያን ኢትዮጵያ ምስቶም ዓብላሊ ብዝሒ ዘለዎም እስላም ኤርትራ ብ1993 ተፈላልዮም። ብድሕሪኡ ከኣ፡ ኢትዮጵያ ምስቶም ቅሩብ-ቁሩብ ብዝሒ ዘለዎም ውሑዳት እስላም ህዝቢ ኦሮሞ ተሪፉ።" ይብል።

ሃንቲንግቱዮን ሓደ ኣዝዩ ፍሉጥን ብዙሓት ኣገደስቲ መጽሓፍቲ ዝሓተመን እዩ። ይኹን'ምበር ብዛዕባ ኣቋውማን ዝርጋሐን ሃይማኖት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጨሪሹ ዝፈልጥ ኣይመስልን። ካብኡ ሓሊፉ ከኣ፡ ብዛዕባ ጠንቂ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ባዶ ሓበሬታ ዝበሮ ጥራይ ዘይኮነ ቅድሚ ምጽሓፉ ንኽፈልጥ ዝፈተነ'ውን ኣይመስልን። ወይ ከኣ ካልእ ዝሓዘዮ ኣጀንዳ ይህልዎ ይኸውን።

ናይ ሃንቲንግቱዮን መጽሓፍ ብዛዕባ ናይ ስልጣኔታት ፍልልይን ግርጭትን ዝገልጽ ኮይኑ፡ ኣብ መጻኢ ዓለማዊ ስርዓት ብስልጣኔ እዩ ክምራሕ ንዝበል ግጉይ መረዳእታ ዝተመርኮሰ እዩ። ነዚ ግጉይ ሓሳብ፡ ሓገዝቲ 'ጭብጢታት' ንኸቕርብ ከኣ ብዛዕባ ናይ ከባቢና ጥራይ ዘይኮነ ብዛዕባ ብዙሕ ከባቢታትን ጉዳያትን ኣዝዩ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ 'ዛንታታት ሰሪሑ'። ከም ናይ በዓል ሃንቲንግቱዮን ዝበሉ ጽሑፋት ኣብ ዓቃባውያን ኣመሪካውያን (conservative) ሰፊሕ ተቐባልነት ስለ ዘለዎም፡ ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ዘለናዮ እዋናት፡ ናይ ዓቃባውያን ሓሳባት ጊኑ ኣብ ዘለወሉ ዘሎ እዋን፡ ዘሕደሮ ጽልዋን ዘኸትሎ ሳዕቤንን ንምርድኡ ክሕግዝ ናይ ሃንቲንግቱዮን "ስልጣኔታት እንኪጋጨ" ዝበል መጽሓፉ ኣብ ዝቕጽል ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ክንድህስሶ ኢና።

**ኣገዳስነት ሃይማኖት**

ሃይማኖት፡ ንምንታይ ኢና ተፈጢርና? መደብ ናይዚ ሓጺር ህይወትና'ኸ እንታይ እዩ? ኣብ መሬት ብህይወት እናነበርና እንከለና እንታይ ክንገብር? እንታይ'ከ ከይንገብር? ብኸመይ ዓይነት መትከላትን ክብርታትን ክንነብር ኣሎና? ምስ ሞትና'ኸ ናበይ ንኸይድ? ኣብኡ'ኸ እንታይ እዩ ዚጋጥመና? ዝበሉ መሰረታውያን ሕቶታት ደቂ ሰብ ዝምልስን ዝመርሕን መንፈሳዊ ስርዓት እዩ። ሃይማኖት፡ ማዕረ'ቲ ንኣመንቱ ዝሀቦ መንፈሳዊ ዕብየት ንወዲ-ሰብ ኣዝዩም ዓበይቲ እወንታዊ ሱሉፍናዊ ሓርነታት ኣኸኒጺፉዎ እዩ። ኩሉ ግዜ ሰላም ክህሉ፡ ሰብ ክብርቲ ምዃኑ፡ ድኹም ክሕገዝን ባርነት ክውገድን ካልኦት ብዙሓት ክብሪ ወድ-ሰብ ዘመዓራርዩ ኣምረታት ኣለውዎ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ሰብ ተሰፋ ንኸይቖርጽ ሱኣእምሮኣዊ ጸግዒ ይኾኖ። ሰብ ብሓያላት እናተዓመጸ ዓመጽ ከውግድ ብሰላማዊ ጥዙብን ትዕግስትን ብዙተሓወሶ መገዲ ንኽቃለስ ዝገበረ ኣጉዳሲ መርሓ-ህይወት እዩ። ንኣቡት ሃይማኖት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡ ምኽንያቱ፡ ንዕሊታዊ መሰብር ሕብረተሰብ ዝመርሕን ዘማእዝንን ስለ ዝኾነ። ኩሎቶም ሃይማኖታት፡ ሰብ ሰላማዊ ርጉእ ኮይኑ፡ ምስ ኩሉ ሰብ ተረዳዲኡ ክነብር እዮም ዝስተምህሩ። እንተኾነ ግና፡ ከም ኣብ ኩሉ ጉዳያት፡ ንሃይማኖት'ውን ክምዝምዝዎን ብዘይ ትርጉሙ ክገልጽዎ ዝፍትኑን ሰባት ኣለዉ።

**መሰል እምነትን ውልቀነትን**

ኣብዚ ዝሓለፈ ሓደት ዓመታት፡ ንኣህዛብ ከባቢና ብዙሕ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ ብድሆታት ኣጋጢምዎ እዩ። ሰብ ኣብ ህይወቱ ዘጋጥምዎ ብድሆታት መፍትሒ መታን ክረኽበሎም ናብ እምነቱ ይጽጋዕ፡ ክሳብ ፍታሕ ዝረክብ ድማ ብተስፋ ይጸቢ። እዚ ንቡር ባህሪ ሰብ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ክኸልክል ወይ ክሉኣስ ኣይግባእን። ካልእ ሰብ ከኣ መልሲ ናይቲ ዘጋጠሞ ብድሆታት ንምርካብ፡ ካብቲ ካብ ወለዱ ዝወረሶ ሃይማኖት ወጺኡ ንካልእ ሃይማኖት ይፍትሽ። ኣብቲ ዝተኣለመ ሓዲሽ ሃይማኖት ንህይወቱ ትርጉም ዝህብ ስምዒት እንተረኺቡ ወይ'ውን ኑቲ ዘጋጠሞ ብድሆ መልሲ እንተረኺቡሉ፡ ካብ ናቱ ሃይማኖት ወጺኡ፡ ናብቲ ሓዲሽ ሃይማኖት ይጽንበር። ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ፡ ሃይማኖቱ ዝቐየረ ሰብ ብዙሕ ዝቕበሎ የለን። ክሳብ 'ኣይናትናን'ዩ ኣይወላዲናን' እናተባህለ ናይ ምንጻል ኩነታት ይርኣ እዩ። ዝኾነ ሃይማኖት ወይ ሕብረተሰብ ንምቕያር እምነት ብኣሉታ'ዩ ዝገልጾን ዝፈርዶን። ብሞንታዊ ኣጠማምታ ግን ቅኑዕ ኣይኮነን። እምነት ናይ ውልቂ እዩ እንተተባሂሉ፡ ናይ ምርጫ ጉዳይ እዩ። ዝቕየረሉ ምኽንያት ብውልቂ ንዕኡ ይምልከት። ሃይማኖት ንቕያር ኣይከላን እቲ መልእኽቱ፡ የጉዳስ እምነት ምርጫ ሰቡት ምዃኑ መረዳእታ ንምሃብ እዩ። ንኣቡት ኣቦታትና ቅድሚ 2000 ዓመት ኣመንቲ ክርስትና ወይ ምስልምና ኣይነበሩን፡ ድሓር ግን ኣሚኖም ተቐቢሎሞ።

ሃይማኖት ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋል ህይወትናን ብዘለዓለ ክብሪ እንርእዮን ኮይኑ፡ ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ከኣ፡ ንፍልልያት ምጽዋር፡ ኣብ መንፈሳዊ እምነት ድማ ቅኑዕ ወይ ጌጋ ዝመዝንን ዝፈርድን ሰብ ዘይኮነስ ፈጣሪ ከም ዝኾነ ምዝኽኻር ዘድልዮ ኣይኮነን።

ንጉዳይ ሃይማኖት ኣመልኪቱ ኣብ "ኣብ ኖርወይ ምብጻሕ" ብዝበል ኣርእስቲ ኣብ ዝጸሓፍክዎ መጽሓፍ ንእንግሊዛዊ ጆን ሎክ ብምጥቃስ እዚ ዝስዕብ ኣስፊረ ነይረ፦

ብሓጺሩ "ኣብ ናይ 19 ክፍለ ዘመን ኤውሮጳ ሃይማኖታውን መንግስታዊ ስልጣንን ጥሙር ኣብ ዝበረሉ እዋን፡ ሎክ ምፍልላይ መንግስታዊን ሃይማኖታዊን ጉዳያት ኣመልኪቱ (1) ኣብ'ዛ ንነብረላ ዓለም ፍርዲ ዝህብ፡ ብሓፈሻ ሰባት ብፍላይ ከኣ መንግስቲ፡ ኣየናይ ሃይማኖት እዩ ቅኑዕ ክግምገሙ ኣይክእሉን እዮም (2) እቲ "ቅኑዕ ሃይማኖት" ኣየን ምዃኑ ክግምገሙ እንተዘኽእሉ'ውን፡ እምነት በስጉዳድ ርትዓዊ ወጽኢት ኣየምጽእን እዩ (3) ካብ ብዙሕነት ምፍቃድ፡ ብሓይሊ ሃይማኖታዊ ሓድነት ምምጻእ ምፍታን፡ ዝኸፍአ ማሕበራዊ ምትፍናንን ግርጭትን የስዕብ" ኢሉ ሞጕቱ፡ እዚ ሞጕት ከኣ ቤተ-ክርስትያን ኢንግሊዝን ቫቲካንን ኣዝዮን ሓያላትን ገበርትን ሓደግትን ኣብ ዝነበረሉ መዋእል እዩ። ናይ ሎክ ሞጕቲ፡ ኣንጻር ሓንቲ ፍሉይቲ ቤተ ክርስትያን ዘይኮነ፡ ንኹሉ እምነታት ዝመልከተ ነበረ። ትዕዝብቱን መጕቱን ሎክ፡ ዋላ ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ዘገልግል እዩ። ብሓጺሩ፡ ሃይማኖት ናይ ውልቀ-ሰብ እምነቱን ጉዳይን ስለዝኾነ ብኸምኡ ምቕባሉን ምኽባሩን ኣማሪጺ የብሉን እዩ ዝበል።

**ይቕጽል**




ሓበን ተስፋሚካኤል

# “ሙዚቃ፡ ኣእምሮ ቅድሚ ግዜኡ ዝተወልደ ዕሸል የማዕብል” ተመራመርቲ

ኣካል ስዉጥቡብ ዝኾኑ ንጥፈታት መዚቃ፡ ሳዕዒት፡ ቅብኣ፡ ተዋስኦን ምስ እዚም ዝተጠቐሱ ዝመሳሰሉ ካልኦትን ከም ዘገጃፍን ተገንዘቦኣዊ ክፋል ኣእምሮና ደማ ከም ዘሐይሉን ኣብ ዝተፈላለዩ ስዉልቦናዊ መጽናዕትታት ተገሊጹ እዩ፡፡ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ጀኒቫ - ስዊዘርላንድ፡ ቅድሚ ግዜኦም ንዝተወልዱ ዕሸላት መዚቃ እናኣስምዑ፡ ንምዕባለ ሓንጎሎም ብዝበለጸ ኣገባብ ክጸልውዎ ምኽኣሎም ሓቢሮም ኣለው፡፡


ኣብ ሃገረ ስዊዘርላንድ፡ ቅድሚ ግዜኦም ናይ ዝውለዱ ዕሸላት ኣሃዙ 1 ሚእታዊት ምዃኑ እዩ ዝንገር፡፡ ኑቶም ዕሸላት፡ ጽኑዕ ምክትታልን ረድኤትን ደማ ይነቐደሉም፡፡ እቲ፡ ሓደ ካብቲ ንሓንጎሎም ክምዕብል ዘሕግዞ ኑቶም ዕሸላት መዚቃ እናኣስማዕካ ዝቐየድ ፍወሳ ደማ፡ ወጽኢታዊ ኩይኑ ተረኺቡ ከም ዘሎ እቶም ተመራመርቲ ይገልጹ፡፡

“መዚቃ ኣብ ሓንጎልና ጽልዋ ከም ዘለዎ ዘይስሓት ሓቂ እዩ፡ ነዞም ቅድሚ ግዜኦም ዝተወልዱ ዕሸላት ኣእምሮኦም ክምዕብል ዝሕግዝ መዚቃ ክቀናብር ግና ጥንቃቐን ፍልጠትን ዝሓተተ ከቢድ ስራሕ እዩ ነይሩ” ብምባል ይገልጽ ኑቲ መዚቃ ዘቀናበረ ደራሳይ ኣንድርያስ ቮለንዌይደር፡፡

ከም’ዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ፡ ኑቶም ዕሸላት ኣእምሮኦም ክምዕብል ዝሕግዝ ተራ ዓይነት መዚቃ ከም ዘይኩነ እዩ በሪሁልና ዘሎ፡፡ እቲ ደራሳይ ዘቀናበሮ ዓይነት መዚቃ፡ ፍሉይ ክእለትን ጥበበን ዝሓተተ ኩይኑ፡ እቶም ዕሸላት ንሸሞንተ ደቓይቕ እዮም ዝሰምዕዎ ነይሮም፡፡ እቶም ኑቲ መዚቃ ዝሰምዑ ዝበሩ ዕሸላት ከኣ ቅልጡፍ ለውጢ የምጽኡ ምንባሮም እቶም ስዊዘርላንዳውያን ተመራመርቲ ኣብሪሆም፡፡

ኑቲ ወጽኢት ንምርግጋጽ፡ ኣብ ኤም.ኣር.ኣይ (MRI) እናተኸታተሉ እዮም ከረጋግጽዎ ክኢሎም፡፡ ካብቶም ቅድሚ ግዜኦም ዝተወልዱ ዕሸላት፡ እቶም ኑቲ ሕክምናዊ ክትትል ብዘይተቐናበረ መዚቃ ፍወሳ ዝቐየደሎም ዝበሩ ድማ፡ ትሑት ለውጢ ዕቤት ናይ ኣእምሮ የርእዩ ምንባሮም እቶም ተመራመርቲ ኣጺሮም፡፡

እቶም ኑቲ ሕክምናዊ ፍወሳ፡ ምስ እቲ ዝተቐናበረ መዚቃ እናኣወሃሃዱ ዝሰምዑን ግቡእ ክንክን ዝረኸቡን ዝበሩ ዕሸላት ግና፡ ምዕባለ ኣእምሮኦም ብዘቐልጠፈ ይመሓየሽ ምንባሩ፡ ካብ ወጽኢት ናይ ኤም.ኣር. ኣይ ከረጋግጹ ከም ዝኸኣሉ እዮም እቶም ተመራመርቲ ዝረድኡ ዘለው፡፡ ኣብ መጻኢ ድማ፡ ኑቶም ዕሸላት ምስ ገብኡ ኑቲ ዝተቐናበረ መዚቃ ደጋጊሞም ከምዝሰምዕዎ ብምግባር፡ ኣብ



ተገንዘቦኣዊ ክፋል ኣእምሮኦም ዘምጽኦ ዕቤት ክዕዘቡን ክመራመሩሉን ምዃኖም፡ ኣንድሪያስ ቮለንዌይደር ምስቶም ተሓጋገዝቲ ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ገሊጹ፡፡

# መድመይቲ ግርጻን ዋሕዲ ቫይታሚን ‘ሲ’ የመልክት!

ኣስናንና ክንሕጽብ እንከለና፡ ግርጻንና ቀልጢፉ መድመይቲ ዘርኢ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ጠንቂ መድመይቲ ግርጻን ብዙሕ ክንጠቕስ ዝከኣልኳ እንተኾኑ፡ ብቐንዱ ግን ዋሕዲ ቫይታሚን ‘ሲ’ ክኸውን ከም ዝኽእል እዩም ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግቶን ዝሕብሩ ዘለው፡፡

እቶም ተመራመርቲ፡ ኣስናን ብዮዝቡእ ክጽሪን ክሕጸብን ከም ዘለዎ እናገለጹ፡ ብዙሓ መድመይቲ ግርጻን ኪጋጥመና እንከሎ ግን፡ ኣካላትና ቫይታሚን ‘ሲ’ ይረኽብ ምህላዉ ከረጋግጽ ከም ዝግብኣና እዮም ዝረድኡ፡፡



እዚ ድማ፡ ኣብቲ መዓልታዊ እንበልዖ መግቢ ቫይታሚን ‘ሲ’ ዘይንወስድ እንተኾይንና፡ መድመይቲ ግርጻን ከም መሐበሪ ዋሕዲ ቫይታሚን ‘ሲ’ ምዃኑ ከረጋግጹሉ እንኽእል ዝቐለለ መንገዲ እዩ ይብሉ፡፡

“ብሰንኪ ዋሕዲ ቫይታሚን ‘ሲ’ ዝስዕብ ሕማም ሩጥቡ፡ ግርጻንና ቀልጢፉ ክደምን ኣስናንና ክንቀርፍን ዝኮብር እዩ፡፡ እዚ፡ እናቐጸለ ብዝኸደ ሓደገኛ ጥዑናዊ ሳዕቤን እዩ ዘኸትለልና፡፡ ስለዚ ኣብ ክንዲ መድመይቲ ግርጻን ዘውሕድ ከሎኩሉት ምጥቃም፡ ጠንቁ ተረዲእና መታን ክንፍወሶ፡ ቫይታሚን ‘ሲ’ ክዘውትር ይግባእ” ብምባል ሓፈሻዊ መረዳእታን ምኽርን ይህብ ኣብቲ ምርምር ዝተሳተፈ ፕሮፌሰር ፊልፕ ጆኤል፡፡

ቫይታሚን ‘ሲ’ ካብ ኣራንሺ፡ ዘይትቡን፡ ለሚን፡ ፓፓዮ፡ ወይኒ፡ ማንጎስ፡ ካውሎፍዮሪ፡ ካሮቲ፡ ኮሚደረን ዝኣመሰሉን ዝተፈላለዩ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ክንረኽቦ እንኽእል ብምዃኑ፡ ብዝቖጸረ ከዘውትሮ ከም ዘለና፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ኣዘኻኺሮም፡፡

# እኹል ብርሃን ጸሓይ ዘይምርካብ፡ ናይ ለይቲ ድቃስ የደናጉ!

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ዋሺንግቶን - ኣመሪካ፡ ብርሃን ጸሓይ ብውሑድ ዓቐን ምስ እንወስድ ወይ’ውን ፈጺምና ብርሃን ጸሓይ ከይረኸብና ኣብ ዕጹው ገዛ ምስ እንውዕል፡ ለይቲ ደንጉና ከም እንድቅስ ሓቢሮም፡፡

እቶም ተመራመርቲ፡ ብርሃን ምስ ድቃስ ምትእስሳር ከም ዘለዎ እናገለጹ፡ ከም መብራህቲ ገዛ፡ ካብ ሞባይልን ኮምፕዩተርን ዝወጽእ ኤሌክትሮኒካዊ ብርሃን ዝኣመሰለ ዘይባህርያዊ ምንጪ ብርሃን፡ ንድቃስና ከደናጉዩ እንከሎ፡ ናይ ጸሓይ ብርሃን ግና፡ ለይቲ ቀልጢፉ ድቃስ ክወስደና ከም ዝሕግዝ እዮም ዝረድኡ፡፡ ኑቲ መጽናዕቶም ንምርግጋጽ ኣብ ዝቐደድዎ ፈተነ ድማ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣመሪካ ዝመጽኡ ተመሃሮ ኮሌጅ ኣሳቲፎም ምንባሮም ይገልጹ፡፡

ኣብቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ገለ ካብቶም ተመሃሮ፡ ንዝተወሰነ ደቓይቕ፡ ናብ ግዳም ብምውጻእ ብርሃን ጸሓይ ክረኽቡ እንከለው፡ እቶም ዝተረፉ ከኣ ፈጺሞም ኣብ ገዛ ተዓጽዮም ብምውዓል ብርሃን ናይ ጸሓይ ከይረኸቡ እዮም ዝውዕሉ ነይሮም፡፡ ብኸምዚ ኣገባብ ንውርሒ ከምዝተቐጻጸሩ ምስ ተገብረ ከኣ፡ እቲ ወጽኢት ብኸምዚ ዝስዕብ ክፍለጥ ተኻኢሉ፡፡

እቶም ብርሃን ጸሓይ ዝረኸቡ ዝበሩ ተመሃሮ፡ ለይቲ ድቃስ ክወስዶም ዘይሸገሩ ክኾኑ እንከለው፡ እቶም ኣብ ገዛ ዝውዕሉ ዝበሩ ከኣ፡ ብኣንጻሩ ናይ ድቃስ ሰዓታቶም ይዘናበልን ደንጉዮም ይድቅሱን ምንባሮም ተፈሊጡ፡፡

እቶም ኣብ ገዛ ክውዕሉ ዝተገብሩ ጉጅለ፡ ዝያዳ ካብቶም ደገ ወጺኦም ብርሃን ጸሓይ ረኺቦም ዝምለሱ ተመሃሮ፡ ኣብ እዋን ምሸት፡ ሞባይልን ኮምፕዩተርን ክርእዩ ግዜኦም የሕልፍዎ ምንባሮም እቶም ተመራመርቲ ኣጺሮም፡፡ ኣብ ገዛ ምውዓል፡ ብዘይካ’ቲ ዘኸትሎ ጥዑናዊ ሳዕቤን፡ ግዜኻ ምስ ስክሪን ተፋጢጥካ ከተሕልፎ ዝደፋፍእ ምዃኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ግዳም ወጺእካ ብርሃን ጸሓይ ረኺብካ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣካይድካን ምምላስ ግና፡ ንግዜኻ ብዮዝቡእ ከተመሓድር ዝሕግዝ ምዃኑ ኣብሪሆም፡፡

ድቃስ ምስኣንን ናይ ድቃስ ሰዓታት ምድንጓይን፡ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ጠንቅታት ኪጋጥም ዝኽእል ምዃኑ ዝሓበሩ እቶም ተመራመርቲ፡ ኣካላትና ኣብ እዋኑ ክረኽቦ ዘለዎ ተፈጥሮኣዊ ብርሃን ጸሓይ፡ ንመስርሕ ድቃስ ልዑል ተራ ስለዘለዎ፡ ሸለል ክንብሎ ከም ዘይብልና ኣብ መወዳእታ ኣዘኻኺሮም፡፡



# ኣብ ጠፈር ዝነጥፍ ሰለስተ እግሩ ሮበት ተቐልቂሉ

ሮቦት፡ ሓደ ካብቲ ንወዲ-ሰብ ኣብ ኩሉ ንጥፈታቱ ዝሕግዞን ዝረድኦን ዘሎ ናይ ቀረባ ዓርኩ ኩይኑ ኣሎ ክበሃል ይከኣል፡፡ እዚ፡ ከኣ፡ መሃዝቲን ተመራመርቲን ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ኩሉ ሞያታት ሰብ የሳትፍዎ ብምህላዎም እዩ፡፡

ተመራመርቲ ትካል ቴክኖሎጂ ኢጣልያ፡ ሰለስተ መሓውር ዘለዎ ሓደሽ ቅዲ ሮቦት ከም ዝመሃዙ ይሕብሩ፡፡ እቲ ምህዞምዎ ዘለው ሮቦት፡ ኣብ ጠፈር ክገልግል ዝኽእል ምዃኑ እዩ ዝገለጹ፡፡ እዚ፡ ኣብ ጠፈር ክኮዓዘን ንብረት ክቕበልን ዝኽእል ‘ማርም’ (MARM) ተባሂሉ ተሰምዩ ዘሎ ሮቦት፡ ንጠፈርተኛታት ኣገዳሲ ኩይኑ ምህላዉ እዩ ዝሕበር፡፡

‘ማርም’፡ ሰለስተ መሓውር ስለዘውንን፡ ኣብ ቅልጣፈን ኣድማዕነት ስርሑን፡ ካብቶም ክልተ መሓውር ዘውንኑ ሮቦት፡ ዝያዳ ወጽኢታዊ ምዃኑ እቶም መሃዝቱ የረድኡ፡፡

እዚ ሮቦት ኣብ ስራሕ ከውዕልዎ ጀሚሮም ዘለው ጠፈርተኛታት፡ ኣብ ቀጻሊ ከም ‘ማርም’ ዝኣመሰሉ ኣብ ንጥፈታት ናይ ጠፈር ዝሕግዙ ሮቦት ብብዝሒ ክፈርዩ ከም ዘለዎም፡ ንክኢላታት ናይ ሮቦት ቴክኖሎጂ ኣብ መወዳእታ የገንዘቡ ኣለው፡፡

# መልእኽቲ ኣብ ምስዳድ ዝሕግዝ ምዕቡል በናጅር



ግዳማዊ ኣካላትና ንምጽብባቕ ዝተፈላለዩ መጋጀን መጸባበቕን ኢና እንጥቀም፡፡ የግዳ ክጾ’ቲ ንምጽብባቕ ኢልና እንገብሮ፡ መሃዝቲ ካብ ስዉጻባቕ ሓሊፉ ብዙሕ ጥቕምታት ዘለዎ ገይሮም እዮም ዘዳልውዎ ዘለው፡፡ በናጅር፡ ሓደ ካብኡቶም ከም መጋጃ ኢልና ኣብ ኢድና እንወድዮ ሰልማት ኩይኑ፡ ብመንገዲ ብሉቱዝ መልእኽቲ ኣብ ምስዳድ ዝሕግዝ ኩይኑ ተዳልዩ ኣሎ እንተበልናኩም ከ!

እቲ ዝተዳለወ በናጅር ናይ ቁልዑ፡ ዝተፈላለዩ ሕብርታትን ምስሊ ናይ ፍዮሪን ዘለዎ እዩ፡፡ ኑቲ ምህዞ ዘዳለወት ኣመሪካዊት ሳራ ቺፒስ፡ “እቲ በናጅር፡ መጀመርታ ንቖልዑ ኢለ እየ ኣዳልየዮ ዘለኹ፡፡ እዚ ከኣ፡ በቲ ዝውሃቦ ሕብርታት ናይ በናጅር ኣብለን፡ ብመንገዲ ብሉቱዝ ምስ ሞባይል ተራኺበን እናተጻወታ፡ ዝተፈላለየ ኮድ ናይ ሞባይል ክፈልጣን መልእኽቲ ክሰዳን ዝዳለመ እዩ፡፡ ረቡዓ ናይ’ዚ ድማ፡ እተን ቈልዑ ካብ ንእሽተን ጀሚረን ናይ ምዝዋር ዓቕመን ከማዕብላ ብምባል’የ ኑቲ ምህዞ ኣዳልየዮ” ትብል፡፡

ኑቲ ምሂዞ ዘላ ምዕቡል በናጅር፡ “ገይና ከም’ቲ ዝዋሆ ኣየማዕበልናዮምን ዘለኹ” ኢላ እትሓስብ ሳራ፡ ኣብ ቀጻሊ ቈልዑ፡ በቲ ሕብርታት ናይ በናጅር እናተዘናግዓ ኣብ ትምህርተን ክሕግዛ ዝኽእላ ኣገባብ ገይራ ከተዳልዎ ምዃና እያ ትሕብር፡፡ ብዘይካ’ዚ፡ ንቈልዑ ደቂ-ተባዕትዮ ዝጠቅም ካልእ ትምህርታዊ ረቡሓታት ዘለዎ ምዕቡል መጋጃ ከተዳሉ ምዃና እውን ወሲኻ ተረዲኣ፡፡

# ኮለስትሮል እትዕቅን ፍልይትን ቅልጥፍትን መሳርሒት

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ፍደራል ፈደራል - ሩስያ፡ ናይ ደም ኮለስትሮል እትዕቅን መሳርሒት ከም ዝመሃዙ ይሕብሩ፡፡ እታ ምህዞ ዓቐና ንእሽተይ፡ ብዋጋ ድማ ሕሰርቲ ከምኡ’ውን ቀልጢፉ ወጽኢት እትሕብር ብምዃና፡ ኣቓልቦ ብዙሓት ተመራመርቲ ስሒባ ኣላ፡፡

እታ መሳርሒት፡ ካብ ኣካላትና ንጣብ ደም ብምውሳድ እያ ንደረጃ ኮለስትሮል ናይ ደም ክትዕቅንን ክትምርምርን በቒዓ ዘላ፡፡ ኣብ’ቲ ቴክኒካዊ ኣገባብ ድማ፡ ካብ’ቲ ቅድሚ ሕጂ ንኮለስትሮል ንምዕቃን ዝቐደድ ዝበረ ኣገባብ፡ ዝተፈልየ ሜላ ተጠቒሙ ኣብ ውሑድ ደቓይቕ ወጽኢት ክትህብ ትኽእል ምዃና እያ እቶም ተመራመርቲ ገሊጾም ዘለው፡፡

ንሳቶም፡ ምስ ልቢን መትንታትን ዝተኣሳሰር ጸገማት፡ ክሳብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ሓደገኛ ሕማም ስለዝኾኑ፡ በታ መሳርሒት ተጠቒምካ ቀልጢፍካ ዓቐን ኮለስትሮል ክፈልጡ ምኽኣሎም፡ እታ ምህዞ ብልጫ ከም ዘለዋ ኣረዲኦም፡፡ በዚ ድማ ናብ ፍታሕ ክጸዩ ሓጋዚት ኩይና ከም ዝረኸበዋ ወሲኾም ሓቢሮም፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ብዋጋ ሕሰርቲ ምዃና፡ ንጽሩነትን ስልጡነትን ስለዘለዋ፡ ኣብ ኩሉ ሕክምናዊ ትካላት ክትዝርጋሕን ክኢላታት ምእንቲ ክጥቀሙላን ኣብ ቀረባ እዋን ብብዝሒ ኣብ መዓላ ክትውዕል ምዃና ኣፍሊጦም፡፡



# ዝተሸጠት ጕርዞ ምስ ጀርመናዊ ልኡል

## ቀዳማይ ክፋል

ደራሲ - ዶክተር ሪቻርድ ፓንክረስት
ትርጉም - መሓመድ ኣሕመድ (ሰብኩም)

ኣብ መጀመርታ 19 ክፍለ-ዘመን፣ ሰባት ከም ገላዩ (ጊላ) ካብ ምለእ ኣህጉር ኣፍሪቃ፣ ከም እንስሳ ተተኸብኪቦም ይውሰዱ ነይሮም። ብዙሓት ናይ ምዕራባዊ ክፋል ኣፍሪቃ ገላዩ - ናብ ኣመሪካን ናብ ካልእ መሬት "ሓድሽ ዓለም"ን ብመርከብ ክውሰዱ እንከለው፣ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ገላዩ ድማ - ብዐበዛሒ ናብ ሰሜን ኣፍሪቃን ሃገራት ዓረብን ህንድን ይውሰዱ ነይሮም።

ከም መብዛሕትኡ ሃገራት ኣፍሪቃ ኢትዮጵያ እውን ብናይ ገላዩ ንግዲ ተሳቒያ እያ። ዓመታዊ ኣብ'ታ ሃገር ናብ ወጻኢ ናይ ዝልኣኹ ዝነበሩ ኣውዳት፣ ኣንስትን ህጻናትን ብዝሒ፣ ክሳብ 25 ሽሕ ይበጽሕ ከምዝነበረ ይግመት። ናይ'ታ ብጊላነት ዝተሸጠት ምልክዕቲ ኢትዮጵያዊት ጓል/ጕርዞ ታሪኽ ግና፣ ካብ'ቶም ኣዝዮም ፍሉያት ዝኾኑትን ከጥቀሱ ዝኽእሉን ሓደ እዩ። ስማ "በለሌ" እዩ ዝነበረ። ዳሕራይ ግና 'ማሕቡባ' ብዝብል ስም እያ ተጸዊዓ፣ ዓደግታ ዝሃብዋ ስም።

ብቛንቋ ዓረብ ማሕቡባ ማለት - "ፍትውቲ/ፍቕርቲ" እዩ። እዛ ሰብ እዚኣ ካብ ሃገራ ኢትዮጵያ ብ1837 ተወሲዳ - ኣብ ከተማ ካይሮ - ግብጺ ከኣ ናብ ሓደ ጀርመናዊ ልኡል/ከበርቲ ተሸይጣ። እቲ ጀርመናዊ ልኡል፣ ኸርማን ባክለር - ሙሳካ ግን ደሓን ይጽቶ ነታ ጕርዞ ከም ጊላ ዘይኰነስ ከም ኣፍቃሪቱ መልክዕ ናብ ጀርመን ወሰዳ።

ጓል ርኹባት ስድራቤት ከምዝነበረት ዝንገረላ ብለሌ፣ ኣብ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ፍሉይ ስሙ 'ጉማ' ኣብ ዝተባህለ ከባቢ እያ ብ1820 ተወሊዳ። ኣቡታ ዝተወልደትላ ዓዲ ብ1835-36 ውግእ ክልዓል እንከሎ በለሌ ካብ ጓል 10 ዓመት ትሓልፍ ኣይነበረትን። ብሰንኪ እቲ ውግእ፣ ኣቦኣን ሸድሽተ ኣሕዋታን ክሞቱ እንከለው፣ መንበሪ ገዛኦም ተቓጺሉ። ንሳን ሓፍታን ከኣ ተማሪኸን ከም ገላዩ ተታሒዘን። ኣብ ኣድ ነጋዶ ገላዩ ኣትየን።

ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ናይ ኢትዮጵያ ርእሲ ከተማ ናብ ዝነበረት ጎንደር ምስ ተወስዳ ክልቲኣን ኣሕዋት ተፈላለያ። ዳሞጋይ ንሓፍታ ክትረኣ ዘይተዓደለት በለሌ፣ ናብ ካርቱም (ሱዳን) ካብኡ ኸኣ ናብ'ቲ ዝዓበየ ናይ ግብጺ ናይ ገላዩ ዕዳጋ - ናብ ካይሮ ተወሲዳ።

ኣብ ሙስካ - ሰሊዝያ (ጀርመን) ዝርከብ ርስቱ ገዲፉ ብ1835 ንምብራቓዊ ክፍሊ ዓለም ንምብጻሕ ኣብ ዝዓበየ ጕዕዞ ዝነበረ ልዑል ኸርማን፣ ኣብ መጀመርታ 1837 ኣብ ርእሲ ከተማ ግብጺ - ካይሮ በጺሑ። ኣብ ካይሮ ከም ኩሉ ወጻኢተኛ በጺሒ ንሱ እውን ካብ ኢትዮጵያ፣ ሱዳንን ካልኦት ናይ ኣፍሪቃ ሃገራትን ዝመጽኡ ገላዩ ዝተኣከቡሉ ናይ ገላዩ ዕዳጋ በጺሑ።

ድሕሪኡ ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፤ "ደቂ-ኣንስትዮ ገላዩ ብፍላይ ሓደስቲ መጸኣቲ፣ መብዛሕትኡ እዋን ኣኩዳድናኣን ከም ናይ ሃገረን ባህሊ እዩ። ንኣካላተን ምሉእ ብምሉእ ኣይሸፍናኣን እየን። ኣቐዲመን ገላዩ ዝነበራ እንተኾይነን ግና፣ ጥንታዊ ናይ ምብራቓውያን ቀዲ ኣኩዳድና ይኽተላ። እዘን ዳሕረዎት፣ ቀበጥበጥ ብዝተሓወሶ ሕማቕ ባህርያተን ብደፋርን ስዲ ጠዋያንን ይፍለያ። ገጽን ክሻፍታ እንተደኣ ተሓቲተን መብዛሕትኡ እዋን ጭቕጭቕ ይፈጥራ። ዝሓረቓን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዓዲጊ ጸልኢ ዘሕደራን ይመስላ። እተን ሓደስቲ ዝመጽኣ ግን፣ ገጽ ምኽፋት ጥራሕ ዘይኰነ - እቲ ተወዓዓሊ ክነናኽፈን እንከሎ፣ ከምቲ ዕዮት ጸጉሩ ክድረዝ እንከሎ ሰቕ ዝብል ንሳተን እውን ብትዕግስቲ ይቕበላ።"

ልዑል ኸርማን ናብቲ ዕዳጋ ኣብ ዝበጽሓሉ ዕለት፣ ኣብ ከም'ዚ ኩነታት እዩ ነይሩ በለሌ ንመሸጣ ተሰሪዓ ዝረኸባ። ናይ ኸርማን ጹሓፊት ታሪኽ ህይወት 'ሉድሚላ ኣሲንግ' ከም ዘሰፈረቶ፣ "ከመቅጸብት፣ ብመልክዓን ጸባቐ ኣቃውማኣን ተማሪኹ እዩ ገዚእዋ።"

ድሕሪ ብዙሕ እዋን እቲ ልኡል ባዕሉ ዝጸሓፎ እውን - "ኣነ ክገዝኣ እንከለኹ፣ ዓሰርተ ዓመት ገይራ ነይራ። እንተኾነ፣ ጸቡቕ ገይራ ኣኺላ እያ። ምኽንያቱ፣ ደቂ ሃገራ ኣዋልድ ሓደ-ሓደ እዋን ኣብ 7 ዓመተን ስለዝምርዓዋ። . . ." ዝብል ይርከቦ።

በቲ ዕድጊ ኣዝዩ ዝተሓጎሰ ፓንክለር-ሙስካ፣ ነታ መንእሰይ ኢትዮጵያዊት ጊላ ኣብ ጃልባ ኣሳፊሩ ክሳብ ናይ ፈልግ ነል መወዳእታ ወሰዳ። እታ መንእሰይ፣ ናይ ጐይታኣ ንበረት ብጥንቃቐ እትሕዝ፤ ንእትደልዮም ነገራት ገደብ/ደረት እትገብረሎም፤ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ እናተሓጸበት፣ ንንጽህና ኑቡሳ ዓቢ ግምት እትህብ - ሞዴል ጊላ ነበረት።


ሓደ እዋን ፍሉይ ተርእዮ ኣርኣየት። ብሓደ ኣጋጣሚ ትሓርቖ'ሞ፣ እቲ ልኡል ዝበርከተላ ህያብ ካብ መርከብ ሰንድያ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ኣጥሓሊቶ። ን24 ሰዓታት'ውን መግቢ ኣይበልዐን እያ ኢላ ኩረየት። ዳሕራይ ግና፣ እቲ ልኡል ይቕሬታ ክሓብረላ ምእንቲ፣ ደስ ብዝብል ድምጺ ለሙኖ። ኣብ ዓራቱ ምስ ተጋደመ ኸኣ፣ ብዘሕዝንን ትዝታ ብዘለዎን ቃና፣ ናይ ሃገራ ናይ ኢትዮጵያ ደርፌ ደረፈት።

ምስ'ዛ ጊላኡ መንእሰይ ዝሓዞ ፍቕሪ እናወሰኸ እኳ እንተኸደ፣ እዚ ኩነታት'ዚ ነታ ናብ ጀርመን ናብ ገዝኡ ዝተመልሰት ብዓልቲ-ቤቱ - ልዕልቲ ሉሲ ክሃግራ ኣይደለየን። ግና፣ ሓደ እዋን ኣብ ዝጸሓፈላ ደብዳቤ ምስ ብዙሓት ኣዋልድን ኣውዳትን ገላዩ ክልተ ዓጋዜንን ክልተ ኣህባይን ከም ዝነበሩ፣ ካብ መንኾ'ቶም እኩባት ገላዩ ሓንቲ ምልክዕቲ 'ጓል ሓበሻ ጊላ' ከምዘላ ገሊጹላ ነይሩ እዩ።

ፓንክለር ብዛዕባ እዚ ኩነታት ብዝሓሸ ግልጺ ገይሩ ዝጸሓፈ፣ ናብ ሃገሩ ጀርመን ቅድሚ ምምላሱ ምስ ማሕቡባ ናብ ፍልስጤም ኪይዶም ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፣ ንብዓልቲ-ቤቱ ኣብ ዝሰደዶ ደብዳቤ እዩ።

"ሕጂ ቀሱብቐስ ከም እንደገና ናብ ኣውሮጳ እቕርብ ስለዘለኹ. . . ክገልጸልኪ ዝግባእ ኣሎኒ። ኣብ ሃገረይ ኣብ ሙስካ ንኽጸንሕ ፍርሒ ይሰምዓኒ ኣሎ። ፍጹም ጎይታ ኾይነ ምስ ገላዩ ንብዙሕ እዋናት ስለዝተቐመጥኩ፣ ንኻልኦት ሰባት ዝነበረኒ 'ጭዋ' ናይ ምፍኳን ባህሊ ጠፊኡኒ ኣሎ።

"ምስታ ንእሽተይ ጓል-ኣንስተይቲ ኣዝዩ ስለ ዝተላመድኩ፣ ካብ ጥቓይ ክትፍለ ኣየፍቅድን እየ ዘለኹ። . . ኣብ ውሽጢ ገዛይ (ጀርመን) እንተኾነ'ውን ብዘይ ብኣኣ ክነብር ክጸግመኒ እዩ፣ ኣይክኣለይን እውን።



ባክለር 1837 ዓ.ም ማሕቡባ

ስለ'ዚ ኣቐዲመ ዘተሓሳሰብኪ ነገር እንተሎ፣ እዛ ንእሽተይ ጓል-ኣንስተይቲ፣ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሰሚያዊ ክፍሊ ኣብ ጐድኒ እቲ ኣነ ዝድቅሰሉ ክፍሊ ክትህሉ ከምዘለዋ እዩ። ምኽንያቱ፣ ከም ኩርኩር ካብ ሰብ ከይተፈልየት እያ ዓቢያ።"

ኣብ ካልእ ደብዳቤ ኸኣ፣ ናይ'ታ ጊላኡ መንእሰይ ስም 'በለሌ' ከም ዘኾነ (ንሱ እዩ ዳሕራይ ማሕቡባ ዝበላ)፣ ቀትሪ ኾነ ለይቲ ከም እሙን ከልቢ ካብ ጐድኑ ዘይትርሕቕ ሓቀኛ ኣገልጋሊቱ ምዃና ነጊሩዋ።

ድሕሪ እዚ፣ ንሱን ብጾቱን ናብ ሊባኖስ ምስ ኣተው፣ ናብ ሓንቲ ኣርኒታ ኣብኡ ዝኾነት እንግሊዛዊት ክበጽሕ ከምዝደለ እቲ ልኡል ኣፍለጠ። እታ እንግሊዛዊት፣ ኑቲ ናይ'ቲ ግዜ እቲ ናይ እንግሊዝ ቀዳማይ ሚኒስተር ዊልያም ፒት ጓል ሓፍቱ - ሌዲ ሄስተር ስታንሆፕ ክትከውን እንከላ፣ ኣዝያ ትፍራሕ ሰብ እያ ዝነበረት።

እቲ ልኡል ንማሕቡባ ኣኸቲሉ ከም ዝመጸአ ሌድ ሄስተር ምስ ሰምዐት፣ ንኡሳ እናኣተዓብዩት ብምምጓስ፣ ንማሕቡባ እናኣነኣኣሰት ብምጽራፍ፣ ንናይ ሓባር መሓዛኦም ኣዕሊላቶ ነይራ እያ።

"ናቱ ሓበሻ ሰበይቲ - ኣብዚ ክትመጽእ እንተኾይና፣ ክሽጀው እቲ ናይ ኢጋይሽ ናይ ኣትክልቲ ቦታ እግራ ንኸይተልዕል፣ ንዑሶማን (ኑቲ ዓሸከር) ክትሕብሮ . . . ጊላ ጊላ እዩ። ጐይታኣ ዓርኩ ገይርዋ ወይ እውን ናይ ክሹ ሰራሕተኛኡ ንዓይ ዝኾነ ፍልልይ የብሉን። ኣብ ቦታኣ ክትጸንሕ ኣለዋ። ስለ'ዚ ናይ ልኡል ትኹን ናይ ብዓል ድኳን ንዓይ ኩሉ ሓደ እዩ። እዚ ፍልልይ ከምዘለዎ ኩይኑ፣ እቲ ልኡል ዘፍቅራ እንተኾይኑ ግን፣ ኣብ ዘላቶ ምኞት ክትረክብ እምጸላ።" ኢላ ነይራ።

ኩይኑ ግና፣ ናይ ማሕቡባ ናብ ገዛ ሌዲ ሄስተር ምብጻሕ ዓቢ ዕግርግር ፈጠረ። "ብዓልቲ-ቤቱ መጺኣ" ክብሉ እቶም ተርባውያን ኣገልገልቲ ጫውጫውታ ኣሰምዑ።

"ሕጋዊት ንዘይኮነት ንሰበይቲ ልኡል ወዝነር የድሊ እዩ!" በለ ሓደ ካልኦ።

ሓደ ናይ ዓይኒ ምስክር እውን፣ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ክገልጽ እንከሎ "ልክዕ ከም ሓንቲ ኣውሮጳዊት ልእልቲ ዝተገበረላ ሳዕልን ታሕትን ካልእ እዩ ነይሩ" ክብል ተዛሪቡ።

ድሕሪ'ዚ እቲ ልኡል ብዙሕ ከይጸንሐ ብዘይካ ንኣፍቃሪቱ - ማሕቡባ፣ ንኹሎም እቶም ዝገዝኦም ገላዩ ሸይጥዎም።

ሓደ ምብራቓዊ ጊላ ንምዕራባውያን ዘለዎ ተኣማንነት ብዘምልክት፣ ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ ማሕቡባ - 'ሓሉብ' ኣብ ዝተባህለ ከተማ ንብዓልቲ-ቤቱ ዝጸሓፎ ድማ ከም'ዚ ዝሰዐብ ነይሩ፤

"እዚኣ ምስኪን ጓል ተፍቅረኒ እያ፣ ንቑሩብ መዓልቲ'ውን እንተኾነ ካብይ ክትፍለ ልባ ኣይክእልን እዩ። ኣዝያ እያ ትፈርሕ። ንኤውሮጳውያን፣ ኣብ ሃገርም ከም ሰብ ዝበልዕ ኣዝዩ ግዙፍ እንስሳ (ጭራቕ) ገይራ እያ እትርእዮም፣ ኣብ ሓንጎላ ሓደ ነገር ተቐሪጹዋ ኣሎ።

ንመግሻ ዝደፈረት እውን ብናተይ ሓለዋን ብሓውሲ ፍርሒ እናኣንቀጥቀጠት እያ። ናብ ካልእ ሰብ ኣሕሊፈ ዝህባ እናመሰላ ከምኡ ክይጉብር ዓሰርተ ግዜ ትልምነኒ። ቃል ዝኣተኹላ እውን ብኸፊል እናሰሓቐትን ብኸፊል እናኣሕዘነትን እዩ ነይሩ። ዝኸ ዝኣተኹላ ቃል ዘይሕሉ እንተኾይነ፣ ልባ ከምዝሰብር እየ ዝኣምን. . .።"

እዚ ደብዳቤ እዚ ዋላ'ኳ ዝተወሰነ ነገር ዝገልጽ እንተኾነ፣ እቲ ልዑል ብዛዕባ ማሕቡባ ዘለዎ ስምዒት ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ዝገልጽ ኣይኮነን። ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ንሓደ ዓርኩ ከምዚ ክብል ጽሒፉ፤

"እዛ ብዕድመ ንእሽተይ ዝኾነት ቈልዓ፣ ኣገልጋሊት ምንጪ ሓጎሰን ናይ ዝልዓለ ቁም-ነገርን መጽናዕተይ ገይረያ። ኣነ ዝፈልጦ ኩሉ ነገር ምሂረያ። ካብኣ'ውን ወርትግ ዘርሙንን ሓሶት ዝብሃል ነገር ዘይተኽፍም ተፈጥሮኣዊን ሓደስትን ሓሳባት ተማሂረ እየ። ሓቂ ምስ ዝመናብርታ ቈልዓ ብምኻነይ፣ ኣነ እውን ድሕሪ ብዙሕ ግዜ ሓቀኛ ሰብ ኮይነ ኣለኹ።

"ከምዚ ዓይነት ኣደናቒ ርኽብ ዝተመስረተ፣ ኣብ መንጎ ምስ ከም'ዚ ኮማይ ዝዓይነቱ ኣዝዩ ፍሉይ ሰብን ምስ ሓንቲ ምብራቓዊት ጊላን ጥራይ ከምዝኸውን እኣምን። ኣብ ህይወት'ዛ ምብራቓዊት ጓል-ኣንስተይቲ ጊላ ዝተፈጸመ ነገር ኩሉ፣ ምዕቡል ኣተሓሳስባ ኣብ ዘለዋ ናይ ዝሰልጠነ ዓለም ጓል-ኣንስተይቲ ክህሉ ማለት ዘበት እዩ።

"ሓደ ሰኣላይ ፈጠራዊ ስእሉ ዝስእሎ ከም ስእሊ-ኣእምሮኡ ከም ምዃኑ መጠን፣ ኣነ'ውን ነዛ ደስ እትብል ናይ ርዕመት ቈልዓ ዘዕበኹዋ ንግዙእ ርእሰይ ጥራሕ እየ። ካብኣ ዝረኸብክዎ ኣዝዩ ዘሐጉስ ትምህርትን ዝማዕበለ ኣደናቒ ርክበን፣ ብናይ ፈጠራ ታሪኽ መልክዕ ንምጽሓፍ እንተዝደሊ፣ በዓል ብዙሕ ገጽ ልብ-ወለድ ናይ ፍቕሪ መጽሓፍ ክደርስ ምኽኣልኩ።

"ኣነ ንዓኣ ኩሉ ነገር ኰይነላ፣ ንሳ ድማ ንዓይ ኩሉ ነገር ኰይናትለይ። ሓድነትና እንተላይ ብዘበዘሑ ናይ ህይወት ነገራዊ መዳያት እምበር፣ ብስምዒትን ብኣተሓሳስባን ጥራይ ኣይነበረን። ዋላ'ኳ ትምኒተይ እንተዘይኩኑ ኣነ ዋላ ሓደ ከይገበርኩላ ካብኣ ኣገልግሎት ጥራይ ዝጽበ ነይረ እንተዝኸውን፤ ንሳ ኩሳሚት ኣነ ድማ ጎይታ እንተኘኸውን ነይርና፣ ናተይን ናታን ርክብ ናይ ጊላን ጐይታን ርክብ ምኾነ ነይሩ። ካልእ ዋላ ሓደ ክኸውን ኣይክእልን እዩ፣ ግዳ ክቑጻጸሮ ብዘይክእል ሓይላ ተመሊሳ ብዓልቲ-ቤተይ ኩይና።

ኩሉ'ቲ እንገብሮ ዘበለ ብምትሕልላይ ክኸውን እንከሎ፣ ናተይ ትእዛዝ ከይተጸበየት - ባዕላ ንቤተይ ትከናኸናኖ፤ ንበረተይ ትሕልወለይ። ከም'ዚ ብዙሓሸን ብዝተመቻቸኣን - እሞ ድማ ብዙሓሰረ ናብራ ቅድሚ ሕጂ ነበረ ኣይፈልጥን።"

ቛንቛ ጣልያን ይምህራ ስለዝነበረ፣ ብዛዕባ 'ዝኾነ ነገር' ክዘራርባ ክኢሉ ነይሩ። ኣብ ዝሰዓበ ደብዳቤ እውን ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ፤

"ከምኣ ዓይነት ልዑል ድልየት ናይ ምምሃር ዝነበራ፣ ዝመሃርኩዋ ኣብ ምሓዝ ቅልጥፍቲን ሰብ ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን። ንቛንቋታት እትምሃርም ልክዕ ከም ናይ ቈልዑት ጸወታ - ብቐለሉ እዩ።"

ፓንክለር-ሙስካን ማሕቡባን ብዛዕባ ሃይማኖት ክይተረፈ ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ብቐረባ ይመያየጡ ነይሮም። ሓደ ግዜ "ክርስትያን ዲኺ ወይስ ኣስላመይቲ?" ኢሉ ሓቲቱዋ።

"ኣነ'ሞ እንታይ ፈሊጠ!" ብምባል ቀስ ኢላ መሊሳትሉ። "ካብ ሃገረይ ተመዚዐ ዝወጻእኩ ኣዝየ ንእሽተይ ቈልዓ እንከለኹ እዩ። ዝዝከሮ ነገር፣ እታ ከተማ ክትቃጸል እንከላ ኣብ ከባቢና ዝነበረ ነበልባል፣ ኣቦይን ኣሕዋተይን ብኸመይ ከም ዝሞቱን ንዓይን ንሓፍተይን ብኸመይ ጐቲቶም ከም ዝወሰዱናን ጥራይ እዩ። ካብ'ዚ ንላዕሊ፣ ዋላ ሓንቲ ካልእ ኣይፈልጥን እዩ።"

ቀጺላ እውን ናብ'ቲ ልኡል ጥውይ ኢላ፣ "ኣነ ክርስትያን ይኹን ኣስላም ንዓኻ ሓደ ኣይኮነን ደዩ?" ክትብል ሓቲታቶ።

ፓንክለር ግን ብዙሕ ክፈልጥ ስለዝደለየ ሕቶታቱ ቀጸለ። "ንምኻኑ፣ ሓደ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ ምህላዉ ትፈልጢዶ? ኣበይ እዩ ኢልኪ ኸ ትሓስቢ?"

"ኣብ'ዚ፣ ኣብ'ዚ . . . ኣብ'ቲ!" ክትብል መለሰትሉ፣ ናብ ኩሉ ኣንፈት እናኣመልከተት።

"እዚ ኣምላኽ ንገበርቲ እከይ ከምዝቐጽዖም ንገበርቲ ጽቡቕ ከምዝሽልሞም ትኣምኒዶ?"

"ብዝዮባኡ እምበር! ከምኡ ክብሃል እየ ኩሉ ግዜ ዝሰምዕ።"

ይቕጽል

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቆልዑ |
| 10:10 | ድራማ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ሰሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ልዙብ መንእሰያት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | TECH IN-SIGHT |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል

መኪያ እድሪስ፡ ወላዲና እድሪስ ፍደልናየር ስለዝዐረፈ፡ ንሕና ደቁ 2 ጥራይ ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሳ ማዘንግዕ ተወልደ፡ በዓልቤተይ ሙሳ ዓሊ ሙሳ 23 ዓመት ደሃይ የብሉን ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/23 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሰሚራ ኣሕመድ ዓብደልቃድር፡ ስም ወላዲተይ ራድያ መሓመድ ደዣር ምግልል ተሪፉ፡ ራድያ መሓመድ ጅዣር ዓብደልቃት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ን24/1/23 ይቕረብ።

ከሰስቲ 1.ኣቶ ጉብረሂወት ኣብርሃ 2. ኣቶ ኣማኑኤል ኣብርሃ፡ ተኸሰስቲ 1.ኣረጋሽ ኣብርሃ 2. ወ/ሮ ኣበባ ኣብርሃ 3. ወ/ሮ ኣለን ኣብርሃ 4. ወ/ሮ ኣሰለ ኣብርሃ 5. ወ/ሮ ኣማረሽ ኣብርሃ (ኣድ/ኢትዮጵያ) 6. ወረ/ፍ/ሄር ፍረወይኒ ኣብርሃ ደቃ 3 (ኣድ ከረን) 7.ወረ/ፍ/ሄር ኤልሳ ኣብርሃ ደቃ 3 (ኣድ ዞባ ማእከል) ኣብ መንጎ ከሰስትን ተኸሰስትን ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሻ ክርክር፡ ተኸሳሲት ቁጽሪ 5 ዘሎቶ ኣድራሻ ወጻኢ ሃገር ኢትዮጵያ ኮይኑ ንጹር ስለዘይኮነ መሰ/ሕ/ሲ/ሰ/ዓ 108 መሰረት ብጋዜጣ ተጸዊዓ ን17/1/23 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁጽሪ 35 ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ኣብዘየላትሉ መስርሕ ዳንኡ ክውሰን ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኣስመረት ጸጋይ ሓይልኣብን ተኸሳሲ ኣቶ ጉብረሂወት ኣስሎም ዘውደን ዘሎ ናይ ማኪና ስም ምትሕልላፍ ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ስለዘየለን ኣድራሻኡ ንጹር ስለዘይኮነ፡ መሰ/ሕ/ሲ/ስ/108 መሰረት ብጋዜጣ ተጸዊዑ ን12/01/23 ኣብ 1ይ ቤት ፍርዲ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ መስርሕ ዳንኡ ኣብ ዘየለወሉ ክቀየድ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ዘውዲ መለስ ጉብረማርያምን ተኸሳሲ ኣቶ ዑቕባይ ጉብረሃዋርያትን ዘሎ ናይ ሓዳር ክርክር፡ ተኸሳሲ ብኣድራሻኡ ክርከብ ስለ ዘይተኻእለ፡ ን18/1/23 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይ ኣብዘየለወሉ ክርኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

መኮነን ኣብርሃም ኪዳነ ኣቦይ ኣርኣያም ኪዳነ ይሕደጎ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መኮነን ኣብርሃም ኪዳነ ወላዲተይ ጸገ ኣበራ ምራጭ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዝፋን መስፍን ገ/ሄር፡ ጓለይ ሊድያ ልኡል ካሕሳይ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ ወላዲኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ሳዕድያ ሳፌ ስራጅ፡ ሕጋዊ ወኪል መዲና መሓመድ ሳፌ ስራጅ፡ ሳዕድያ ሳፌ ስራጅ ምግልል ተሪፉ፡ ሳዕድያ መሓመድ ሳፌ ስራጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከረን 02

ወ/ሮ ሰላት ገረመስቀል ዕቑባዝጊ፡ ወለድና ኣቶ ገረመስቀል ዕቑባዝጊን ወ/ሮ ሰላስ ኣብርሄን ስለዝዐረፉ፡ ንሕና 4 ደቆም ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣቶ ፍትዊ የውሃንስ ዝተበሃልኩ፡ ኣድራሻኡ ኣብ ኣስመራ ምምሕዳር ከባቢ ጸጸራት 1A127፣ ጎደና 127-18 ብቑጽሪ ሎታ 004፡ ብቑጽሪ ፓርቶላ ዞን ASP00029186፡ ብቑጽሪ ፓርቶላ "1" ስፍሓት መሬት 264 ት/ሜ ዝፍለጥ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት 1:005023 ብስም ሓወይ ኣቶ ጉብረእግዚኣብሄር የውሃንስ ሓጎስ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውህብቶ ስለዝሃበኒ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ፍትዊ የውሃንስ

---

ዝ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 132 ዝርከብ ብውርሻ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ካብ ኣውራሲ ናብ ወረስቲ ተመሓላሊፉ ኣብ ናይ ንብረት መመዝገቢ 7388/22 ተመዝጊቡ ዝርከብ፡ ንሻሊቃ ጸጋይ ብርሃ ስለዝሸጥናሎ'ሞ ናብ ስሙ ክነመሓላልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ።

መም ቴድሮስ ግርማይ +6

---

## Vacancy Announcement

Eritrea-Sichuan Mineral Construction Company is inviting qualified and competitive applicants for the following positions: -

**Blasting Engineer:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Debarwa
- Type of contact: Definite period of two years
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Design, plan, monitor and report on all Drill & Blast activities to ensure productive and efficient mining operations.
- Achieve optimal, safe blast results and align with cost restraints and managing clean ups.
- Coordinate with internal resources (mine planning, geology, production, drill supervisor) to schedule and execute blasting activities in a safe and efficient manner.
- Monitor drill and blast production data and take appropriate action to maintain targets, be able to verify, analyse, and report blast performance data.
- Investigate and introduce new innovations to improve drilling and blasting performance, continuous improvement by identifying opportunities for project improvement and implementing improvements for the Drill and Blast processes.
- Complete the other works arranged by supervisors/line manager.

**Qualification Requirement**

**Education:**

- BSC degree and above

**Work Experience:**

Worked with Mining company with considerable drilling and blasting operations experience more than 10 years.

**Other skills and abilities:**

- Good troubleshooting skills.
- Ability to work in a fast-paced and stressful environment.
- Advanced computer experience using Vulcan, Blast logic, Excel and Word
- Blast engineer certificate.

**Language:**

- Language fluency in English is required.

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants Would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All application should be sent though the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper
- **Address: please mail your application to**

**Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp. Ltd.**
**P.O. Box 4832 Asmara, Eritrea**

**Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Eritrea-Sichuan Mineral Construction Company is inviting qualified and competitive applicants for the following positions: -

**Cook:**

- Number Required – two (02)
- Place of work: Debarwa
- Type of contact: Definite period of two years
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Maintain food safety and sanitation standards
- Preparing high-quality meals and food items according to company recipes
- Responsible for purchasing the necessary food and ingredients as well as the other necessary utensils and equipment
- Monitor supplies and re-ordering stock as needed
- Accommodate guests' food requests
- Ensure that food health and safety regulations are followed
- Keep a sanitized and orderly environment in the kitchen

**Qualification Requirement**

**Education:**

- High school or and above, with the level II cook certificate

**Work Experience:**

- 10 years and above experience in cooking

**Other skills and abilities**:

- Ability to work in culturally diverse working environments.
- Ability to work well with people.
- Sound knowledge of cooking methods and techniques
- Effective communication skills.

**Language:**

- Language fluency in English is required.

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants Would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All application should be sent though the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

**Equipment maintenance**

- Number Required – Three (03)
- Place of work: Debarwa
- Type of contact: Definite period of two years
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Responsible for the maintenance and repair of equipment, including but not limited to all the engineering machinery being used in the plant area.
- Perform preventive maintenance and daily inspections and service on all the machines.
- Identify the causes of unexpected breakdowns of machines, and implement improvement plans.
- Repair broken machines quickly and efficiently. Coordinates with managers and to schedule regular maintenance on machines.
- Prepare purchase plan of spare parts meets the daily maintenance requirement, also responsible for lowering the maintenance cost.
- Draft out the adjustment, modification, rectification and improvement plans for equipment and facilities, and calculate rectification costs.
- Perform other related duties as assigned by supervisor or line manager.

**Qualification Requirement**

**Education:**

BS degree (mining equipment maintenance)

**Work Experience:**

- More than 15 years and above experience in mining equipment maintenance.
- Familiar with engineering machinery used in the mining area

**Other skills and abilities**:

- Good troubleshooting skills.
- Ability to work in a fast-paced and stressful environment.

**Language:**

- Language fluency in English is required.

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants Would be considh ered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All application should be sent though the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

- **Address: please mail your application to**

**Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp. Ltd.**
**P.O.Box 4832 Asmara, Eritrea**

**Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea**

---

### ኤርትራኮ ብርካዊ ማሕበር
### ሓበሬታ

ዕለት 26-11-2022 ኣብ ዝተኻየደ መበል 19 ስሩዕ ሓፈሻዊ ጉባኤ ወሃኒቲ ብርኪ. ኤርትራኮ፡ ኣስማትን ካብዚ ንታሕቲ ተመልኪቱ ዘሎ፡ ዳይረክተራት ቦርድ ኮይኖም ዓመት ክገልግሉ ከምዝተመርጹ ንሕብር።

| | |
|---|---|
| ኣቶ ኢብራሂም ረዘ ካሳ | ኣቦ መንበር |
| ኣቶ ክፍለ ተወልደ ተኽለሃይማኖት | ጸሓፊ |
| ኣቶ ተኸስተ ያሬድ ተስፋየውሃንስ | ኣባል |
| ኣቶ ነጋሲ ዘርኣብሩኽ ጉብሩ | ኣባል |
| ኣቶ ክፍለማርያም ጺጋዝኣብ ሓድጉ | ኣባል |

ኤርትራኮ ብርካዊ ማሕበር

---

### ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ነፍሒ ንቤት ጽሕፈቱ ዝጥቀመለን ሓተምትን መባዝሕትን ጽሑፋት ጽገና ዝሁብሉ ትካላት፡ ንኽልተ ዓመት ማለት ካብ 01/01/2023 ክሳብ 13/12/24 ኣወዳዲሩ ክኾሪ ስለዝደለየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ኩሎም ተጫረትቲ ትካላት ክማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት

1.ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን ፎቶ ኮፒ ታሲራን የቕርቡ።
2. ተጫረትቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ይወስዱ።
3. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20.000.00 (ዕስራ ሽሕ) ናቕፋ ብሲ.ፒ.ኦ ኣሰራሪሖም የቕርቡ።
4. ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርት (10) ተኸታተልቲ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።
ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይነፍሒ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ምርጫ ሓደስቲ ኣካየድቲ ፌደረሽናት ስፖርት ቀጺሉ

ናይ ስራሕ ግዜኦም ዝኣኸሉ ኣካየድቲ ኣካላት ሃገራውያን ፌደረሽናት ስፖርት ንምትካእ ዝካየድ ዘሎ ምርጫ ፈጸምቲ ኣካላት ሃገራውያን ፌደረሽናት ስፖርት ይቕጽል ኣሎ።

ዛጊት ምርጫ ኣካይደን ካብ ዘለዋ ፌደረሽናት ዝተመርጹ ምስ እንዕዘብ፥

ባድሚንተን፡ ዶ/ር. ካሕሳይ ንጉሰ ፕረዚደንት፡ ኣቶ ማትያስ ክፍሎም ምክ/ፕረዚደንት፡ ኣቶ ኣምባሳደር ቀለታ ዋና-ጸሓፊ፡ ኣቶ ዘርእማርያም ከሰተ ፋይናንስ፡ ኣቶ ኣማኑኤል ገ/ሒር ቴክኒክ፡ ኣቶ ሳምሶን ኢዮብ ዳኛት፡ ኣቶ ናትናኤል ሃብተ ውድድርን ስነ-ስርዓትን፡ ወ/ሮ ያስሚን መሓመድ-ብርሃን ምክትታል ደቀንስትዮ፡ ኣቶ መሓመድ ዓ/ራሕማን ህ/ርክብት።

ሰይቻቲሊስ፡ ኢንጅ/ ኣሕመዲን መሓመድ-ሓጎስ ፕረዚደንት፡ መም/ ተስፋኣለም ኣፈወርቂ ምክ/ፕረዚደንት፡ ኣቶ ሳሙኤል ኣስፍሃ ዋና-ጸሓፊ፡ ኣቶ ስምኦን የማነ ቴክኒክ፡ ኣቶ በረኸት ሃብተማርያም ዳኛት፡ ኣቶ ሳሙኤል ኣድሓኖም ህ/ርክብት፡ ወ/ሮ ኣልሊታ በየነ ፋይናንስ፡ ኣቶ መሓመድ ዓ/ራሕማን ህ/ርክብት፡ ወ/ት ሩት መንግስትኣብ ምክትታል ደቀንስትዮ።

ምሕንባስን ጅለባን፡ ኣቶ ሰለሙን ኣርኣያ ፕረዚደንት፡ ዶ/ር ሳሊም መኮንን ምክ/ፕረዚደንት፡ ኣቶ ዓብደልዋሰዕ ስራጅ ዋና-ጸሓፊ፡ ኣቶ መድሃኔ ዘርኡ ፋይናንስ፡ ኣቶ ግርማይ ገብረኣልፋ ቴክኒክ፡ ኣቶ ሱሌማን እድሪስ ዳኛት፡ ሳብ ገብረሚካኤል ምክትታል ደቀንስትዮ፡ ኣቶ ሳሙኤል ሓደሽ ውድድርን ስነ-ስርዓትን፡ ኣቶ ፍጹም ዑቕባሚካኤል ህ/ርክብት።

ቅድድም ብሽክለታ፡ ኣቶ ተማስገን ረዳኢ ፕረዚደንት፡ መም/ጼጋይ ሰመረኣብ ምክ/ፕረዚደንት፡ ኣቶ ሰለሙን ጊላዝጊ ፋይናንስ፡ ኣቶ ዓብዱለጢፍ ሳድቕ ቴክኒክ፡ ኣቶ ቢንያም ምስየና ውድድርን ስነ-ስርዓትን፡ ወ/ሮ ሚርያም ሃብታይ ዳኛት፡ ወ/ሮ ሮግኣት ተኽለ ምክትታል ደቀንስትዮ፡ ኣቶ ተኽሊት ኢሳቕ ህ/ርክብት።

ቅድድም ማኪናን ሞቶር ብሽክለታን፡ ኮሎ/ ንጉሰ ግርማይ ፕረዚደንት፡ ኣቶ ስምኦን ወ/ሚካኤል ምክ/ፕረዚደንት፡ ኣቶ መሓሪ ኣርኣያ ዋና-ጸሓፊ፡ ኣቶ ፍጹም ጋርዛ ቴክኒክ፡ ኣቶ ሃይለሚካኤል ተወልደ ዳኛት፡ ኣቶ ሰናይ ይሕደጎ ውድድርን ስነ-ስርዓትን፡ ወ/ሮ ጀሮም ኣምለሶም ምክትታል ደቀንስትዮ፡ ኣቶ ሰለሙን ጎይትኦም ህ/ርክብት።

ኣትሌቲክስ፡ ኣቶ ኤፍሬም ተኸስተ ፕረዚደንት፡ ኣቶ ተስፋልደት ነጋሲ ምክ/ፕረዚደንት፡ ኣቶ ተኽለ እምባየ ፋይናንስ፡ መም/ በረኸት መስፍን ቴክኒክ፡ መም/ኣብኒ ሚካኤል ዳኛት፡ ሜጀር ተስፋማርያም በርሀ ውድድርን ስነ-ስርዓትን፡ መም/ ሰሎሞን ኣዋጁ ህ/ርክብት፡ መም/ራሄል ኢሳያስ ምክትታል ደቀንስትዮ።




ኩዕሶ መርበብ፡ ኣቶ ሚካኤል ተኸለሚካኤል ፕረዚደንት፡ ኮሎ/ደሳለ ቓለዩ ምክ/ፕረዚደንት፡ መም/ቢንያም ገ/ሚካኤል ዋና ጸሓፊ፡ ካፕቴን ተኽሉ ዘርኣይ ፋይናንስ፡ ሙሴ እምባየ ቴክኒክ፡ መም/ቢንያም የማነ ዳኛት፡ መድሃኔ ኪዳነ ውድድርን ስነ-ስርዓትን፡ መም/ ያሬት ዓንደጻዮን ምክትታል ደቀንስትዮ፡ መም/ሃና ፍትዊ ህዝባዊ ርክብት።

ኩዕሶ እግሪ፡ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ፕረዚደንት፡ ኣቶ ተስፋሚካኤል ብርሃ ምክ/ፕረዚደንት፡ ኣቶ የውሃንስ ግርማይ ፋይናንስ፡ መም/ ተስፋይ ኣሌክሳንደር ቴክኒክ፡ ኣቶ ልኡልሰገድ ገ/ሚካኤል ዳኛት፡ መም/ ሰለሙን ተምነዎ ውድድርን ስነ-ስርዓትን፡ ወ/ሮ ምላሹ ኢሳቕ ምክትታል ደቀንስትዮ ከምኡ'ውን ኣቶ ዓብደላ መሓመድ-ዓሊ ህ/ርክብት ኮይኖም ክገልግሉ ተመሪጾም።

እዚ ምርጫ፡ ሎሚ ቀዳም ብናይ ሃገራዊ ፌደረሽን ያታዊ ስፖርት ኤርትራን መስራቲ ጉባኤ ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ኣግማል ኤርትራን ቀጺሉ ክውዕል ምዃኑ ህዝባዊ ርክብት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓቢሩ።

## ፊፋ፡ ንጉዳይ ‘ሶልት ባይ’ የጻሪ

ሳዕሰዋይ ተጻዋቲ ኩዕሶ እግሪ ዝኾነ - ፊፋ፡ ንጉዳይ እቲ ድሕሪ ምዝዛም ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ብኢደ ዋኒኡ ማእከል ሜዳ ብምእታው፡ ነታ ጽዋእ ሓዚዙ ዝተሳእለ ህቡብ ከሻኒ (ሸፍ) - ሶልት ባይ የጻርዮ ምህላዉ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ሕግታት ፊፋ፡ ነዛ ተባህጊት ጽዋእ ክጽዋ ዕውታት ተጻወትቲ፡ ‘ኣዘዮም ምኑጻት ሰባት’ ከም ሰብስልጣን ፊፋ፡ መራሕቲ ሃገራት እንተዘይኮይኖም፡ ዝኾነ ሰብ ኢዱ ክንብረላ ኣይፍቀደን እዩ። ይኹን እምበር፡ እዚ ትኽክለኛ ስሙ ኑሰት ጎክቸ ዝተባህለ ቱርካዊ ሸፍ፡ ድሕሪ'ቲ ኣርጀንቲና ኣብ ልዕሊ ፈረንሳ ዘመዝገበቶ ዓወት፡ ኣብ ሜዳ ኣትዩ ምስ ተጻወትቲ ኣርጀንቲና ክጸምባለን ነዛ ጽዋእ ክስዕማን እዩ ኣብ ዓይኒ ካሜራ ኣትዩ። ምስ ሜሲ ዝርከቦም ገለ ተጻወትቲ እውን ተሳኢሉ እዩ። ብዘይካ እዚ ከሻኒ ግን፡ ካልኦት ሰባት እውን ምእታዎም ይግለጽ እዩ።

እዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ወኪል ቃል ፊፋ ንመርበብ ሓበሬታ ቢቢሲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ፊፋ፡ ድሕሪ ዝበርኽ ዳግመ ግምት፡ ድሕር'ቲ ኣብ ስታድዩም ሉሳይል ዝተኻየደ መዕጸዊ ስነ-ስርዓት፡ ውልቀ ሰባት፡ ብዘይፍቓድ ብኸመይ ናብ ሜዳ ከምዝኣተዉ ክፈልጥ ደልዩ ኣሎ።

እቲ ዝዋጦእ ስጉምቲ ከኣ ክወስድ እዩ” ኢሉ።

እዚ ህቡብ ምዃኑ ዝንገረሉ ከሻኒ፡ ስጋ ብምድላውን ምቕማምን ሜላኡ ዝና ከምዝረኸበ እዩ ዝንገረሉ። ኣብቲ ኣብ ዱባይ ዝርከብ ባዕሉ ዘውንኖ ሬስቶራንት ድማ፡ ከም - ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ሜሲ፡ ፖግባ፡ ነይማር፡ ምባፔን ፕረዚደንት ፊፋ - ኢንፋንቲኖን ዝርከብዎም ህቡባት ሰባት ከምዝተመገቡ ይሕበር።



## ሓዉ ንፖግባ ተፈቲሑ

ንሓዉ ፖል ፖግባ ብምጽላምን ብምፍርራሕን ተኸሲሱ ዝሓለፈ መስከረም ዝተኣሰረ - ማቲያስ ፖግባ፡ ትማሊ ካብ ማእሰርቲ ከምዝተፈትሐ ጠበቓኡ ኣፍሊጡ።



ምዕባይ ሓዉ ንፖግባ ዝኾነ - ማቲያስ፡ ናብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ወጺኡ፡ ክፍለጥ ኣለዎ ዝበሎ ጉዳይ ሓዉ ምቕላዑ ይፍለጥ። ገለ ካብኡ፡ “ፖግባ ነቲ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ወዲ ጋንታኡ ዝኾነ - ምባፔ፡ ንምስራይ ጠንቋሊ ቆጺሩ” ዝብል ምንባሩ ይዝከር።

ፖግባ ግን፡ ምስ ኣደኡ፡ ወኪሉን ጠበቓኡን ኮይኑ፡ እዚ ብቪድዮ መልክዕ ዝወጸአ ዝበሎ ዘረባታት ብምንጻግ - “ጸለመ እዩ” ኢሉዎ። ብተወሳኺ፡ እቲ ወዲ 32 ዓመት ሓው፡ ምስ ናይ ንእስነት ኣዕሩኽቱን ካልኦት ክልተ ብረት ዝዓጠቑ ውልቀ ሰባትን ብምዃን 13 ሚልዮን ዶላር ክህቦም ከምዝፈራርሕዎ እዩ ንፖሊስ ፈረንሳን ኢጣልያን ሓቢሩ ነይሩ።

በዚ ድማ፡ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም፡ ማቲያስ ምስ ካልኦት ኣርባዕተ ሰባት በዚ ጉዳይ ተጠርጢሩ፡ ናብ ቤት ማሕቡስ ኣምሪሑ ነይሩ። ብመሰረት ጋዜጣ ፓሪሻን ከኣ፡ እዚ ነበር ተጻዋታይ፡ ካብ ቤት ማእሰርቲ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ምስ ኣደኡ ይኹን ምስ ሓዉ ፖግባ ከምኡ'ውን ምስዚ ጉዳይ ምትእስሳር ምስ ዘለዎም ሰባት ከይራኸብ ተኣጊዱ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ፍርዳዊ ክትትል ክግበረሉ ምዃኑ እዩ ዝዝረብ። ካብ ግዝኣት ፈረንሳ ከይወጽእን ማሕበራዊ መራኸቢታት ከይጥቀምን እውን ተኸልኪሉ ኣሎ።

## ኦናና፡ ጥሮታ ወጺኡ

ካሜሩናዊ ሓላዊ ማዕጾ - ኦናና፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ካብታ ኣብ ዋንጫ ዓለም እትሳተፍ ሃገራዊት ጋንታኡ ድሕሪ ምብራሩ፡ ትማሊ በይዛ/ንትኢ ኢዱ ከምዝሰቐለ ኣፍሊጡ።

ጌና ወዲ 26 ዓመት ዘሎ - ኦናና፡ ኣብቲ ኣብ ቀጠር ዝተኣንገደ ዋንጫ ዓለም ምስ ኣሰልጣኒኡ - ርጎበርት ሶንግ ክሰማማዕ ከምዘይከኣለ እዩ ዝንገረሉ። እቲ ምኽንያት ድማ፡ ሶንግ፡ እዚ ምስ ኢንተር ሚላን ዝጻወት ሓላዊ ማዕጾ፡ ኣብ እዋን ልምምድ ብእግሩ ብዙሕ ሓደገኛ ውሳኔ ከምዝወስድ ብምንቃፍ፡ ቅዲ ጸወታኡ ክቕይር ከምዝተሓሳሰቦ እዩ ዝውረ።

ኦናና፡ ሽሕ'ኳ፡ ኣብታ ሃገሩ ብስዊዘርላንድ 1-ብ0 ዝተሳዕረትላ ፋልማይ ጸወታ እንተተሰለፈ፡ ኣብ ዝሰዓበ ግጥማት ግን፡ ቦታኡ ብኻልኣይ ሓላዊ ማዕጾ - ዳቪስ ኢፓሲ እዩ ተተኪኡ። ኣይጸንሐን ድማ ካብታ ጋንታ ተባሪሩ።

ጋዜጣ ማርካ ብዛዕባ ምብራር እዚ ተጻዋታይ ኣመልኪታ፡ ብቕዲ ጸወታ ናይ'ዚ ሓላዊ ማዕጾ ዘይዓገበ - ናይ ቅድም ተጻዋታይ እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ዓላሚኣ ዘሎ - ሶንግ፡ ክዛረብ ዕድል ከይሃበ ከምዝበረሮ ተረዲኡ። ኣብ እዋኑ፡ እዚ ሓላዊ ማዕጾ፡ “ዝኾነ ሓደገኛ ስጉምቲ ክትወስድ የብልካን” ክምዝበሎን፡ “ይጻወት ኣለኹ፡ ክዛረበካ ግዜ የብለይን” ኢሉ ክምዝመለሰሉን ዝገለጸ ሶንግ፡ “ንጸብጻብ እዛ ጋንታ ክብል እየ ንኸዚኡ ሰጒደዮ” ኢሉ ነይሩ።

ትማሊ ድማ፡ ኦናና፡ ብመንገዲ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣቢሉ፡ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ምውጻኡ ሓቢሩ ኣሎ። ንሱ፡ “ናይ ሃገራዊት ጋንታ ካሜሩን ታሪኸይ ናብ መፈጸምታ በጺሑ ኣሎ። ተጻወትቲ ይመጹኡ ይኸዱ እዮም። ‘ዋላ'ኳ እቲ ጉዳይ ከቢድ እንተኾነ፡ ካሜሩን ግና ቅድሚ ዝኾነ ተጻዋታይ እያ - እዛ ጋንታ ዘለኣለማዊት እያ። ነዛ ሃገራዊት ጋንታን ኑያም ወትሩ ዘበራትዑና ደገፍቲ ዘለኒ ፍቕሪ እውን ካሪ እዩ። ሓሳበይን ስምዒተይን ብፍጹም ኣይቕየርን እዩ” ኢሉ።

ኣብዚ ወቕቲ ካብ ኣያክስ ናብ ኢንተር ሚላን ዝተሰጋገረ - ኦናና፡ ማልያ ሃገሩ ለቢሱ ኣብ 34 ግጥማት ተሰሊፉ እዩ።



## ተወሳኺ

**ደገፍቲ፡ ግጥም ፈረንሳ - ኣርጀንቲና ክድገም ደጺዖ**

ብወጽኢት ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ዝቐሓሩ ኣስታት 200 ሽሕ ዝበጽሑ ደገፍቲ ፈረንሳ፡ ፈርማኦም ኣሰኒዮም እቲ ጸወታ ክድገም ናብ ፊፋ ጥርዓን ከምዘቕረቡ ተሓቢሩ።

ኣርጀንቲና፡ ዝሓለፈ ሰንበት ድራማዊ ብዝኾነ መንገዲ ኣብ ልዕሊ ፈረንሳ ብፍጹም ቅላዕ ብምዕዋት ጽዋእ ዋንጫ ዓለም ምልዓላ ይፍለጥ። እዚ ወጽኢት ዕሪ ዘይጠዓሞም ደገፍቲ ፈረንሳ፡ ኣብቲ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ደምበለ - ንዲ ማርያ ኣብ ሳጹን ቅላዕ መቐጸዕቲ ብምድፋኡ ፍጹም ቅላዕ ዝተዋህበት ውሳኔ እዮም ዘይዕግብቶም ዝገልጹ ዘለዉ። እዞም ደገፍቲ፡ ደምበለ፡ ፍጹም ቅላዕ ክውሃብ ዘይክእል ምትንኻፍ ገይሩ ክሳዕ፡ ዳኛ ብሓገዝ ቪድዮ ዳኛት (ቫር) ክረጋግጾ ዘይምኽኣሉ ከምዝደናገጾም ይሕብሩ።

ብዘይካ'ኡ፡ እዞም ደገፍቲ፡ ቅድሚ'ታ ዲ ማርያ ብመልሰ መጥቃዕቲ ዘቑጸራ ካልኣይቲ ሸቶ፡ ምባፐ፡ ብተኸላኻሊ ኣርጀንቲና (ሮሜሮ)



በደል ወሪዱዎ ነይሩ እዩ በሃልቲ እዮም። በዚ ድማ እዮም፡ ነቲ ጸወታ ንዝዳነየ ዳኛ - ሳይሞን ማርቺኒክ ብምንቃፍ፡ ጥርዓኖም ናብ ፊፋ ዘቕረቡ ዘለዉ።

ኣቓዲመን'ውን ማዕከናት ዜና ፈረንሳ፡ “ሜሲ፡ ሳልሳይቲ ሸቶ ኣርጀንቲና ቅድሚ ምምዝጋቡ ክልተ ተጻወትቲ ብስምዒት ተደፊኦም ናብ ሜዳ ኣትዮም እዮም” ብምባል፡ እታ ሸቶ ክትሰርዝ ከምዝነበራ እያን ክቃልሓ ቀንየን። ብመሰረት ሕጊ ኩዕሶ እግሪ፡ ሸቶ ኣብ እትምዝገበሉ እዋን፡ ካብቶም ኣብ ሜዳ ዘለዉ ወጻኢ፡ ዝኾነ ሰብ ናብ ውሽጢ ሜዳ ምስ ዝኣቱ፡ ዳኛ ነታ ሸቶ ክሰርዛ ኣለዎ።

* ዓላሚ ክለብ ሲቪያ - ጆርጅ ሳምፓኦሊ፡ “ኢስኮ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ - ጸቢቕ ከኣ እምጽእሉ። እንተኾነ፡ ሲቪያ ዘንበረትሉ ትጽቢት ክምልስ ኣይከኣለን” ክብል፡ ምኽንያት ምውጻእ እዚ ተጻዋታይ ኣረዲኡ። ኣብ ወርሒ ነሓሰ ብናጻ ካብ ሪያል ማድሪድ ናብ ሲቪያ ዝተጸምበረ - ኢስኮ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ምስዚ ክለብ ከምዝተፈላለየ ይፍለጥ።

* **ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ጸወዒት ዓላሚኡ** - ዲደር ዲሻምፕ ብዘይምርካቡ ከምዝተቖጥዐ ዝገለጸ ፈረንሳዊ - ካሪም በንዜማ፡ ብዘይካ ንሓሙሽተ ንኹሎም ደቂ ጋንታኡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ኢንስታግራም ካብ ምስዓብ ኣቋሪጹ። በንዜማ፡ ኣብ ኣጋ ምጅማር ዋንጫ ዓለም ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብቲ ውድድር ምውጻኡ ይፍለጥ። እንተኾነ፡ ሃገሩ ናብ ፍጻመ ኣብ ዝበጽሓትሉ እዋን ካብ መጉዳእቲ ሓውዩ ጸውዒት ዲሻምፕ ክርከብ እዩ እናተባህለ፡ እዚ ዓላሚ ዝኾነ ተጻዋታይ ከምዘይወሰኸ ብምግላጽ፡ እዚ ኣጥቃዓይ ኣቐይሞዎ እዩ። በዚ ድማ፡ በንዜማ፡ ቅድሚ ውሱናት መዓልትታት ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ምውጽኡ ኣፍሊጡ ጸኒሑ እዩ። ትማሊ ከኣ፡ ብዘይካ - ንኮማንንጉ፡ ቹዋሜኒ፡ ምባፐ፡ ቫራን ቴራምን እንተዘይኮይኑ፡ ንኹሎም ደቂ ጋንታኡ ዝበሩ (ዋላ'ውን ንፖግባ) ካብ ምስዓብ ተሓሪሙ ኣሎ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

ሰሜንኮርያ፡ ሓድሽ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ናብ ምብራቓዊ ገማግም ባሕራ ከምዘወንጨፈት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ሓቢሩ።

እንተኾነ፡ ብዛዕባ'ታ ሃገር ወንጪፋቶ ዝበሃል ዘሎ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ከምዘየለ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

መንግስቲ ሰሜንኮርያ እውን ኣብ ጉዳይ እቲ ዝተወንጨፈ ሓድሽ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ኣመልኪቱ ዛጊት ዝሃቦ ዝኾነ መግለጺ ከምዘየሉ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣመልኪተን።

## ሰሜን ኮርያ፡ ሓድሽ ባለስቲካዊ ሚሳይል ወንጪፉ



ምስ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ኣብ ከቢድ ወጥሪ እትርከብ ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚን ዝሓለፉ ውሑዳት ኣዋርሕ ጥራሕ ብተደጋጋሚ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ክትውንጭፍ ምጽናሓ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ጃፓን ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምድልዳል 320 ቢልዮን ዶላር ባጀት ክትሰልዕ ምኳና ቀደም ኢለ መዓልታት ድሕሪ ምግላጻ፡ በቲ ውሳነ ዝተቐጥዐት ሰሜን ኮርያ ኣብ ባይታ ግብረ-መልሲ ክትህቡ ምኳና ከተጠንቕቕ ምቕናያ ይፍለጥ።

## ኣመሪካ - ብርቱዕ ቀዝሒ ሕማም ቊርበት ከየስዕብ ተሰጊኡ

ኣብ ኣመሪካን ካናዳን ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ቀዝሒ ዝዀብለሎ ሕማቕ ኩነታት ኣየር፡ ኣብ ሰባት ሕማም ቊርበት ከስዕብ ከምዝኽእል ክኢላታት ኣጠንቂቖም።



እዚ ኣብ ውሽጢ 10 ደቓይቕ ተገዲዱ መቝሰልቲ ቊርበትን ከስዕብ ዝኽእል ብርቱዕ ዛሕሊ፡ ኣብ መላእ ክፍላተ-ሃገር ኣመሪካን ሃገራት ኤውሮጳን ተኸሲቱ ከምዘሎ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

በዚ ኸኣ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣመሪካ ዝርከቡ ነቲ ሓደጋ ዝተቓልዑ ኣስታት 135 ሚልዮን ህዝቢ፡ ኣብዚ ብምኽንያት በዓል ልደት ዕረፍቲ ዝወሃበሉ ወቕቲ ካብ መኻኒታት ክቑጠቡን ምንቅስቓሳቶም ብመጠኑ ክገድቡን እዮም ክኢላታት ኣተሓሳሲቦም።

እቲ ብርቱዕ ቁሪ ዘምጽኦ ሕማም ቊርበት፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ዑደት ደም ኣብ ኣካላትና ከም ዝኸሰት ዝሓበሩ ክኢላታት ጥዕና ኣመሪካ፡ እቲ ጥዕናዊ ጸገም ኣዝዩ ኣሸጋሪ ከምዝኾነውን ኣመልኪቶም።

ኣብ ከተማ ኤልፓሶ - ቴክሳስ፡ መጠን ዛሕሊ ክሳብ ኣሉታ 9.4 ዲግሪ ሰንቲ-ግሬድ ክበጽሕ ከምዝኽእል'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

እቲ ኩነታት ኣየር፡ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት መሊሱ ክገድድ ከምዝኽእል ዝኣመተ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኣብ 37 ክፍላተ-ሃገር ናይ መጠንቀቕታ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ክፍሊ-ሃገር ፍሎሪዳ እውን ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ተራእዩ ዘይፈልጥ መጠን ዛሕሊ ይምዝገብ ከምዘሎ፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኣመሪካ፡ በረራታት ነፈርቲን ናይ ባቡር ምድሪ ጉዕዞታትን ብሰንኪ'ቲ ብርቱዕ ዛሕሊ ዘስዓቦ ግመ ከምዝተሰናኸለ ተገሊጹ።

ኣብ ውሽጢ እዚን ዝሓለፉ ክልተ መዓልታት ጥራሕ ናብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም ክግዕዙ ተወጢኖም ዝነበሩ ኣስታት 5,300 በረራታት ነፈርቲ ከምእተዓናቐፉ ድማ ተፈሊጡ።

ብመሰረት ሓበሬታ ክኢላታት ሚትዮሮሎጂ፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ መዓልታት ኣብ ገለ ክፋላት ኣመሪካ መጠን ዛሕሊ ናብ ኣሉታ 45 ዲግሪ ሰንቲ-ግሬድ ክወርድ ትጽቢት ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ግመ ዝዀብለሎ ብርቱዕ ዛሕሊ፡ ኣብ ተሽከርከርቲ ናብ ሓደጋ ዘምርሕ ምንሽርታት ከየስዕብ ዜጋታት ቅድመ-ጥንቃቐ ክገብሩ መተሓሳሰቢ ቀሪቡሎም ኣሎ።

ኣብ ሰሜናውን ምዕራባውን ክፋል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ቀዝሒ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 40 ዓመት እቲ ዝበርትዐ ምኳኑ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ።

## ጃፓን፡ ኣብ ውሽጢ 40 ዓመት ዝለዓለ መጠን ዝቕባበ ተመዝጊቡ

ጃፓን ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 40 ዓመት ተራእዩ ዘይፈልጥ መጠን ቁጠባዊ ዝቕባበ ከምዘመዝገበት ካቢታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ብሰንኪ'ቲ ተኸሲቱ ዘሎ ልዑል መጠን ዝቕባበ፡ ክሳብ ጣኽቲታት እታ ሃገር ኣብ ከቢድ ወጥሪ ተሸሚመን ከምዝርከባ ድማ፡ እቲ ዝተፈነወ ዜና ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ዋጋታት ሃለኽቲ ነገራትን ካልኦት ኣቕሑትን ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ብልዑል ናህሪ እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ ዝጠቐሱ ጸብጻባት ናይ'ታ ሃገር፡ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ድሕሪ 1981 ንመጀመርያ እዋን ይኸሰት ከምዘሎ ሓቢሮም።

ብፍላይ ከኣ ዋጋታት ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሑን ዝተማስርሑ መግብን ብዕጽፍታት ዛይዱ ከምዘሎ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ማጠን ቁጠባዊ ዝቕባበ ጃፓን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥራሕ ናይ 3.7 ሚእታዊ ዕቤት ከመዝገበ ክኢሉ።

ብዕቤት ቁጠባኣ ኣብ ዓለም ንኣመሪካን ቻይናን ሰዒባ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዓ እትርከብ ጃፓን ነቲ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ልዑል መጠን ዝቕባበ ንምቁጽጻር፡ ዘይከም ካልኦት ሃገራት ንመጠን ወለድ ወሰኽ ከምዘይገበረትሉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ቁጠባ ጃፓን ኣብ ውሽጢ'ዚ ዘሎናዮ ናይ መወዳእታ ርብዒ ዓመት ሃንደበት ብ0.8 ሚእታዊት ከምዝዘሐ እያ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ዘመልከቱ።

ለሚ ዓመት ብደረጃ ዓለም ብሰንኪ ዘጋጠመ ናህሪ ዋጋታት፡ ንኣጠቓቕማ ገንዘብ ዝምልከት ብጥንቲ ዓለም ዝወጸኦ ፖሊሲ ንበዙሓት ሃገራት ብኣሉታ ከምዝጸለወ እያም ዝተፈላለዩ ክኢላታት ዘረድኡ።




## ኣብ ህንዲ፡ ብከላ ኣየር ከቢድ ጥዕናዊ ሃሰያ የውርድ ኣሎ

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ህንዲ ብሓፈሻ፡ ኣብ ከተማ ኒው-ደልሂ ድማ ብፍላይ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ብከላ ኣየር፡ ኣብ ዜጋታት ናይ'ታ ሃገር ከቢድ ጥዕናዊ ሃሰያ የውርድ ከምዘሎ ተገሊጹ።

መንግስቲ ህንዲ፡ ነቲ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደገኛ ተርእዮ ንምቁጽጻር፡ ንኸለን ኣብታ ሃገር ዝንቀሳቐሳ ተሽከርከርቲ ዝምልከት ሓድሽ ሕጊ ትራፊክ ከጽድቕ እንከሎ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ድማ እቶም ህጹጻት ዘይኮኑ ህንጻዊ ስርሓት ንግዚኡ ደው ኣለም ክጸንሑ ከምዝተሓሳሰበ ተፈሊጡ።

ኣብ ህንዲ ተኸሲቱ ዘሎ ጸዑቕ ብከላ ኣየር ቀንዲ ጠንቂ ሕማም መንሸሮ ሳንቡእ ይኸውን ከምዘሎ ክሕብሩ ዝጸንሑ ክኢላታት ናይ'ታ ሃገር፡ እቲ ኩነታት ንዝምሪ ደቂ-ሰብ ብኸልተ ዓመት ከምዝሕጽሮ የመልክቱ።

ከቢድ ዲግታ ትኪን ደሮናን ኣብ ጥዕና ቁልዑ ብዘስዕቦ ዘሎ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ሰግኣት ዝሓደሮም ነበርቲ ከተማ ኒው-ደልሂ፡ ደቆም ናብ ቤት-ትምህርቲ ምልኣኽ ከምዝቋረጹ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ብከላ ኣየር ብደረጃ ዓለም ኣብ ኣዝዩ ኣሰካፊ ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ዝሓበሩ ክኢላታት ኣካባቢ፡ ህንዲ ሕልፊ ካልኦት ሃገራት ቁጠባኣ በቲ ሳዕቤናት ብከላ ብኸቢድ ይጽሎ ምህላው ንጸብጻባት ሚትሮሎጂ ምርኩስ ብምግባር ኣረዲኦም።

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ህንዲ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ግመን ዝሑል ኩነታት ኣየርን ነቲ ብከላ ኣየር መሊሱ ኣጋዲዱዎ ከምዘሎ እያም ሰቡመዚ ምክትታል ሚትሮሎጂ ናይ'ታ ሃገር ዝገልጹ።

ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ፡ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካን ገለ ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ብሳዕቤናት ብከላ ኣየር ሕልፊ ካልኦት ሃገራት ዓለም ይጥቃዓ ምህላወን እዩ ዝሕብር።



## ብሪጣንያ - ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማ ቀጺሉ

ኣብ ብሪጣንያ ብሰራሕተኛታት ዝፍጸም ዘሎ ስራሕ ናይ ምቁራጽ ኣድማ፡ ብዝተፈለለ መልክዑ ይቕጽል ምህላው ማዕከናት ዜና ዓለም ሓቢረን።

እዚ ኣብ መላእ ብሪጣንያ ዳርጋ ንዓመት መመላእታ ቀጺሉ ዘሎ ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማ፡ ብሰንኪ ወሰኽ ዋጋታትን ዘይምጥጣሕ ናይ ስራሕ ባይታን ከምዝተበገሰ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣብ ኤውሮጳ ብሓፈሻ ኣብ ብሪጣንያ ድማ ብፍላይ ተኸሲቱ ዘሎ ናህሪ ዋጋታት፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ከቢድ ጽልዋ ኣሳዒቡ ከምዘሎ እዩ ዝገለጸ።

በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ሓያለ ከተማታት ብሪጣንያ፡ ኣስታት 40 ሽሕ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት መጓዓዝያ ባቡርን ባሕርን ዝተሳተፉዎ ኣድማ ይፍጸም ከምዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ።




ኣብ ዌልስ፡ ሰሜን ኣየርላንድን ካልኦት ከባቢታትን እታ ሃገር እውን፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መራሕቲ ግብረ ማካይን ተመሳሳሊ ኣድማ ከምዝፍጸሙ እዮም ጸብጻባት ብተወሳኺ ይሕብሩ።

መንግስቲ ብሪጣንያ ነቲ ዝቐጸለ ዘሎ ኣድማ ንምቁጽጻር ክብል ወሰኽ ደሞዝ ክገብር ንግዚኡ ዓቕሚ ከምዘይብሉ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

እንተኾነ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ምምሕያሽ ናይ ደሞዝ ክግበር ምኳኑ ብምሕባር፡ ኩሎም ኣድመኛታት ብቕልጡፍ ናብ ቦታ ስራሖም ክምለሱ ጸዊዑ ኣሎ።

ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ብሪጣንያ፡ ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማታት ክሳብ ዝመጽእ 13 ጥሪ ክቕጽል መደብ ከምዘሎ እየን ማዕከናት ዜና ዓለም ዘቃልሓ ዘለዋ።

ኣብ ብሪጣንያ ዝርአ ዘሎ ልዕሊ 100 ሽሕ ሰራሕተኛታት ጥዕና ዝሳተፍዎ ዘለዉ ስራሕ ናይ ምቁራጽ ኣድማ፡ ኣብ ቀነጠብ ናይ'ታ ሃገር ተደራቢን ከቢድን ቅልውላው የኸትል ከምዘሎ ክኢላታት ቁጠባ ናይ'ታ ሃገር ይሕብሩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኪዳነምሕረት | 24/12/2022 | ጎደና ሰሓርቲ - 835 ቁ.115፡ ካብ ቤ/ትምህርቲ ሰምበል | 07113046 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565